# ሓዳስ ኤርትራ

መበል 32 ዓመት ቁ.209 ሰሉስ 2 ግንቦት 2023 ገጻት 8 ዋጋ 2.00 ናቕፋ



ገጽ 2
መግለጺ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ...

ገጽ 3
ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ - Dysuria



ገጽ 4
ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ


ገጽ 5
ሓጺር ታሪኽ ኢንዱስትርያውን ስዩኣውን ዝምደና ኤርትራ


ገጽ 7
ሃገራዊ ውድድር 'ሲንየር' ኣትለታት ተዛዚሙ




# ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ኣብ ኣመዓባብላ፡ ባህሪን ኣመትን ግጭት ሱዳን መግለጺ ሂቡ



ኤርትራ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ግጭት ንኸይመጽእ፡ ምስ ኩሉም ወገናት ሱዳን፡ ብቐንዱ ድማ ምስ ልኡላዊ ባይቶ ኣብ ንጡፍ ጻምዶ ከምዘጸንሐት፣ እቲ ጉዳይ ብቐንዱን ብቖጻምነትን ንህዝቢ ሱዳን ዝምልከትኳ እንተኾነ፡ ከም ጐረቤትን መሻርኽትን ሃገር፡ ርእይቶኣ ኣብ ፖሊቲካዊ ምትዕጋጋር ሱዳን ናብ በራኣማን ማለት ዘለቕን ናይ ሓዋሩ ፍታሕን ድማ ብወግዒ ከምዝገለጸት፡ ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣፈወርቂ ኣብሪሁ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ነዚ ዝገለጸ፡ ኣብ ሱዳን ዘጋጠመ ዘሕዝን ግጭት፡ ኣመዓባብላኡ፡ ጽልዋኡ፡ ባህሩኡን መጻኢ ኣመቱን ብዝምልከት ትማሊ ምሸት ምስ ማዕከናት ዜና ወሸጢ ሃገር ኣብ ዘካየዶ ቀጥታዊ ቃለመሕትትን'ዩ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ሱዳን ናጽነታ ካብ ዝተጎናጸፈትሉ 1956 ብሰለስተ መድረኻት ከምዝሓለፈት ብዝርዝር ድሕሪ ምግላጹ፡ እዚ ሕጂ ኣብ ሱዳን ተኸሲቱ ዘሎ ኩነታት ብኻሉማላ ክርአ ከምዝይግባእ፣ ዞባውን ዓለማውን ጽልዋኡ ድማ ሓደገኛ ምዃኑ ገሊጹ።

ቀንዲ ብድሆ ናይተን ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት፡ ህንጸት ሃገር ምዃኑ ዝገለጸ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ካብ 1956 ክሳብ 1989 ኣብ ዝነበረ ክልተ መድረኻት፡ ህንጸት ሃገረ ሱዳን ብዙሃዊ፡ ብደረጃ ኣፍሪቃ ብምዕቡል ፖለቲካዊ ባህሉ ዝልለ ምንባሩ ብምዝካር፡ ካብ 1989 ንድሓር ምስ እስላማዊ ፖለቲካዊ ምንቅስቓስ፡ ግሎባዊ ኣጀንዳን ሰሎሓሳብን ተኣሳሲሩ ዝመጸ ምዕባለታት ግን፡ ንመስርሕ ህንጸት ሃገር ሱዳን ከምዝዘረገ፣ ከም ውጽኢቱ፡ ምንጻል ደቡብ ሱዳንን ዝተፈላለዩ ዕጥቃዊ ተቓውሞታትን ከምዝሰዓበ ኣረዲኡ።

"ኣብ 2019 ኣብ ሱዳን ዝመጸ ለውጢ፡ ህዝቢ መሪርዎ፡ ብፍትወ ተላዒሉ ዘምጽኦ ለውጢ'ዩ" ዝበለ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ድሕሪ'ቲ ለውጢ ዝተፈላለዩ ወገናት፡ ዋናታት ናይ'ቲ ህዝባዊ ሰውራ ክኾኑ ምፍታኖም፣ ኣብ ከም'ዚ ዓይነት ተሃዋሲ ኩነታት ብስም ረድኤትን ካልእን ዝኣተወ ዝነበረ ግዳማዊ ምትእትታዋት ድማ፡ ነቲ ናይ ለውጢ መስርሕ ከምዝዘንበዮ ገሊጹ። ኤርትራ፡ ኣብ'ዚ ናይ ምትዕጋጋር መስርሕ፡ ሕድሪ ተሰኪሙ፡ ንቲ ለውጢ ናብ በራኣማን ከበጽሖ ዝኽእል፡ ብቐንዱ እቲ ኣብ ጉዒ ህዝቢ ደው ዝበለን ኣካል ናይ'ቲ ለውጢ ዝነበረን ሰራዊት ሱዳን'ዩ ዝብል ርእይቶ ከምዘጸንሐ፣ ቀዳሚ'ዚ ኩናት ምውላዑ፡ እቲ ናይ ምትዕጋጋር መስርሕ እንታይ ክመስል ከምዝለዎ ዝገልጽ ዝርዝራዊ ርእይቶኣ ከምዝሃበት ድማ ኣረዲኡ።

ኣተሃናንጻ ትካላት ድሕነትን ምክልኻልን ሱዳን ጸገማት ከምዘጸንሖ ዝጠቐሰ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ምጽንባር ናይ ሰራዊት ዝከራኸር ጉዳይ ከምዘይኮነ፡ ግን ከኣ ናቱ መስርሕ ከምዘለዎ፣ ልኡላዊ ሰራዊትን ናይ ድሕነት ምክልኻልን ምህናጽ ድማ ድሕሪ በራኣማን እውን እንተኾነ ነዊሕ ግዜ ዝወስድ ምዃኑ፣ ንቐዋሚ ኣደዓም ኣሰሪዕኻ'ን ሰራዊት ሱዳንን ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኹሉም ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ዘለዉ ዕጡቓት'ውን ዝምልከት ከምዝኾነ ብምግላጽ፡ እዚ ጉዳይ'ዚ ከም ቀድመ-ኩነት ኣምጺእካ ነቲ ናይ ለውጢ መስርሕ ምኽላፍን ምዝንባዕን ሰረገላ ቀዳሚ ፈረስ ምቕማጥ ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ሕጂ'ውን ኣብ ሳዕቤን ናይ'ቲ ኩናት ኣቲኻ መህወተቲ ዝረብሓታትን ትንታነታትን እናምጻእካ ኖቲ ጉዳይ ኣብ ክንዲ ምእላዩ ምስራሓት፡ ጠንቂን ኣመዓባብሉን ብዕጡእ ተገንዚብካ፡ ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ብቐጥታ መገዲ ምውሳእ ከምዝድለ፣ እቲ ጉዳይ ብቐንዱ ናይ ሱዳናውያን ምዃኑ ፈሊጥካ ድማ፡ ዝነበር ምትሕግጋዝ ንሱዳናውያን ኣኽእሊ ባይታ ምፍጣር ምዃኑ፡ ኣብ'ዚ ድማ ተራ ጎረባብቲ ሃገራት ብቐንዱ ድማ ዞባዊ ውድብ ኢጋድ ብመንጽር'ቲ ሓባራዊ ጥሙሕን ራኢይን ንዞባዊ ወሃደት ኣገዳሲ ምዃኑ፣ እቲ ዞባዊ ውድብ ሕጽረታት እንተለዎ ከኣ ኣብ መስርሕ ክመሓየሽ ዝኽእል ከምዝኾነ ኣስሚሩሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣሰዒቡ፡ "ህዝቢ ሱዳን ብምሉኡ ዝሓረዮን ዘጽደቖን ስርዓተ-መንግስቲ፣ ልኡላዊ ትካላት ኣቕሙ ናብ ራህዋን ልምዓትን ኪግስግስ ኣእጃምና ነበርክት።" ክብል ጸዊዑ።

ንጉዳይ ተመዛበልትን ስደተኛታትን ብዝምልከት ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ "ንሕና ኣብ ባዝር ናይ ገንዘ ህዝባዊ ርክቦት ኣይንኣቱን ኢና። ሱዳን ኣብ እዋን ሓርነታዊ ቃልሲ መዕቈቢትን ደጀንን ኤርትራውያን ስደተኛታት'ያ ነይራ። ኤርትራውያን ኣብ ሱዳን ከም ስደተኛታት ዘይኮነ ከም ሱዳናውያን'የም ዝነበሩ ነይሮም። እዚ ንርስዖ ኣይኮንናን። ካብ'ዚ ብምብጋስ፡ ኤርትራ ብተመሳሳሊ ንሱዳናውያን ኣሕዋት ንምቕባል፡ ናይ ምድሪ፡ ባሕርን ኣየርን ዶብታ ክፉት'ዩ። ናይ ሰብ ጸገም ክመጽእ ከሎ ናይ ሕልና ሓላፍነት'ዩ። ንሕና ክንገብሮ ዘለና ደገፍ ኩሉ ክንገብር ኢና። ኣብ ኤርትራ ዝኸፈተ ናይ ስደተኛ መዓስከር'ውን የለን። ዘለና ተኻፊልና ብሓባር እዚ ኣጸጋሚ ግዜ ክንሓልፎ ንኽእል ኢና። ህዝብታት ናይዚ ዞባ ኣብ ግዜ ሰብኣውን ባህርያውን ሓደጋታት ንሓድሕዶም ተመሳሳሊ ኣም ክዕበዩ ክኽእሉ ስለዘለዎም፡ ካልኦት ጎረባብቲ ሃገራት እውን ከምኡ ክገብራ ንምኽ" ኢሉ።

ፕረዚደንት ኢሳይያስ ኣሰዒቡ፡ ሱዳናውያን ዕድሎም ስለዝተኸልፉ እምበር፡ ካብዚ ኩነታት'ዚ ክወጹን ክሰጋገሩን ዘኽእል ዓቕሚን ጸጋታትን ከምዘለዎም ብምጥቃስ፡ ሕጂ'ውን ፍታሕ ናይ'ቲ ጉዳይ ብቐንዱ ናብኣቶም ክገደፍ ከምዘለዎ፣ ብፕሮፖጋንዳ ዝዋበር ምዝንባዕን ህውተታን ግን ሓጊዚ ከምዘይኮነ፣ ኖቲ ጉዳይ ብህድኣት ንምፍታሕ ድማ ጻዕሪ ናይ ኩሉም ወገናት ክዛየድ ከምዝግባእ ገሊጹ።

ኣብ መወዳእታ ፕረዚደንት ኢሳይያስ፡ ናብ ህዝቢ ሱዳን ዝቐንዐ መልእኽቲ ብቛንቋ ዓረብ ኣመሓላሊፉ።

# ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ንጹር ራእይ፡ ስሙር ዕዮ!" ብዝብል ቴማ ተዘኪሩ

ባጽዕ ግንቦት - ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ "ንጹር ራእይ፡ ስሙር ዕዮ!" ብዝብል ቴማ፡ ብዝተፈላለዩ ንጥፈታት ተዘኪሩ።

ብደረጃ ሃገር ኣብ ኣስመራ - ሜዳ ባሕቲ መስከረም ኣብ ዝተኻየደ፡ ሚኒስተራት ዝርከብዎም ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን መንግስትን ግንባርን፡ ኣብ ኤርትራ ዝመደበሮም ዲፕሎማስያዊያን ሓለፍቲ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን፡ ከምኡ'ውን ብርክት ዝበሉ ሰራሕተኛታት ዝተረኽቡሉ ጽንብል፡ ምኽትል ዋና ጸሓፊ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ኣቶ ክብረኣብ ኪዳነ ቃል ኮንፈደረሽን ኣስሚዑ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ዕለተ-ዝኽሪ ቃልሲ ሰራሕተኛታትን ደርኪ ንመጻኢ ሰራሕን ምዃና ዝጠቐሰ ኣቶ ክብረኣብ፡ ሰራሕተኛታት ካብ ግቡኦም ከይበኾሩ ንማሰሎም ደምጾም ዘስምዑ፣ ኣብ ንሓድሕዶም ብደረጃ ውልቂ ማሕበራትን ውድባትን ምሕዛኸም ዘረጋግጹሉ፣ ንሕብረተሰቦምን ዓለምን ድማ እወታዊ ተራኦም ከበርክቱ ቃሎም ዘሐድሱላ ረቛን ዕለት ከምዝኾነት ገሊጹ።

ቃል ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዘቕረበ - ዋና ዳይረክተር ክፍሊ ዕዮ ኣቶ ወልደየሱስ ኤሊሳ ብወገኑ፡ መንግስቲ ኤርትራ፡ ማሕበራዊ ህይወት ዜጋታቱ ንምውሓስ፡ ምስ ኩሉ ብድሆታቱ - ንምምዕባል ዓቕሚ-ሰብን ምፍጣር ሽቕለትን ከም ቀዳምነታቱ ሰሪሑ፣ ከምኡ'ውን ኣብ መንጎ ከተማን ገጠርን ዘሎ ጋግ ንምጽባብ ሰፋሕቲ መደባት ልምዓት የተግብር ከምዘሎ ብምጥቃስ፡ ብጾዕሪን ተወፋይነትን ሰራሕተኛታት ዝረጋገጽ መትከል ርእሰምርኮሳ፡ እምኑ ከርናዕ ልምዓታዊ መደባትን ማሰረት ማሕበራዊ ፍትሒን ከምዝኾነ ኣብሪሁ።

ኣማኻሪ ሕጊ ፌደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ ኣቶ ሰለሙን ክፍለ ብወገኑ፡ ጉዳይ ኣተሓሕዛ ሰራሕተኛታት ካብ ቀዳሞት መንግስቲ ኤርትራ ከም ምዃኑ መጠን ጸባሕ ናጽነት ካብ ዝተኣወጁ ኣዋጃት እቲ ብቑጻምነት ዝወጸ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቀጽሪ 8/1991 ምዃኑ ድሕሪ ምግላጹ፡ ሰራሕተኛ ክበርን ኣፍራይን ከም ምዃኑ መጠን ማሰሉ ኣብ'ቲ ዝወጸ ሕግታት ዕዮ ሰፊሩ ከምዝርከብ ገሊጹ።

እቲ ናይ ዝኽሪ መደብ፡ ሰራሕተኛታት ዝተፈላለዩ ትካላት፡ ኣብ ቀንዲ ጉደናታት ኣስመራ ብዘካየድዎ ሰልፊ ዝተሰነየ ነይሩ።

ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፡ ሎሚ ዓመት ብደረጃ ዓለም ንመበል 133፡ ኣብ ሃገርና ኸኣ ንመበል 32 ግዜኣ ተዘኪሩ።





# መግለጺ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃኮሰኤ) - ባሕቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2023 - ንጹር ራእይ፥ ስሙር ዕዮ!

ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት 2023 ብደረጃ ዓለም ንመበል 133፥ ኣብ ሃገርና ኸኣ ንመበል 32 ግዜኡ 'ንጹር ራእይ፥ ስሙር ዕዮ!' ብዝብል ቴማ ይዝከር ኣሎ።

በዚ ዕለት'ዚ፥ ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፥ ኣብ ውሽጥን ኣብ ሃገራት ወጻእን ንዝርከቡ ህዝቢ ኤርትራን ሓይልታት ምክልኻሉን ብፍላይ ከኣ ኑቲ ምስ ሓፋሽ ህዝቡ ኣብ መኸተን ልምዓትን ወፊሩ ሃገር እትጠልቦ ሕቶ ዝምልስ ዘሎ ኤርትራዊ ሰራሕተኛ እንቋዕ ኣብጽሓኩም ይብል።

ባሕቲ ግንቦት ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት፥ ዕለት-ዝኽሪ ቃልሲ ሰራሕተኛታትን ድርኺት ንመጻኢ ስራሕን'ዩ። ሰራሕተኛታት ካብ ግቡኦም ከይተረፉ ንመሰሎም ደምዶም ዘዕምበሉ፥ ኣብ ንሓድሕዶም ብደረጃ ውልቂ ማሕበራትን ውድባትን ምሕዝኑኦም ዘረጋግጹሉ፥ ንሕብረተሰቦምን ዓለምን እወታዊ ተራኦም ከበርክቱ ቃሎም ዝሕድሱሉ ረዚን ዕለት'ዩ።

ኣብ ጸጸባሕ ብዘቕልቀል ዝተፈላለየ ዓለማዊ ፖለቲካዊ፥ ቁጠባውን ማሕበራውን ተርእዮታት ንኽለንትናዊ መዳያት ስራሕን ሰራሕተኛታትን ኣዝዩ ስለ ዝጸሉ፥ ሰብኣውነት ዘማእከለ ሕቶ ሰራሕተኛታት ወትሩ እናተኸለሰን እናተመለሰን ክኸይድ ከም ዝግባእ ዝኣመሰለ ሰፊሕ ኣተኩሮ ዝጠልብ ናይ ዝኽሪ ዕለት ምኽያድ ኣገዳሲ ይኸውን። ልዕሊ ኹሉ ግና ኣብ ህይወት ክህሉ ዘለዎ ናይ ስራሕ ህርኩትና መተካእታ ዘይብሉ ምዃኑ እዚ ዕለት'ዚ ዓቢ መዘኻኸሪ'ዩ።

ዓመት መጸኣ ወትሩ 28 ሚያዝያ ዝዝከር ዓለማዊ መዓልቲ ድሕንነትን ጥዕናን እውን ከም ኣካል ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት ዘይረኣየሉ ምኽንያት የለን። ምኽንያቱ፥ ድሕንነትን ጥዕናን ሰራሕተኛታት ኪኖ ሰብኣዊ መሰል ምዃኑ፥ ምስ ኣፍራይነትን ቀጠባዊ ኮነታት ሃገርን ቀጥታዊ ዝምድና ስለ ዘለዎ።

ሎሚ፥ ኣሉታዊ ጽልዋ ክሊማዊ ለውጥን ዘቢታውን ዓለማውን ግጭታትን ንኹሉ ዘስዕቦ ዘሎ ምምዛብል ሕብረተሰባትን ኣብ መሰረታት ሸቐለት ምንቕናቕ ክፈጥር ግሁድ ተርእዮ እናኾነ ይኸይድ ኣሎ። ምትእትታው ሓደሽ ቴክኖሎጂ፥ ሓምላይ ሸቐለትን ንዕዳጋ ዕዮ ምርግጋእ ከለእዎ ዘሎ ካብ ጸንሑ ያታዊ ዝምድናታት ዕዮ ፍልይ ዝበለ፥ ንምምሕዳሩን ሕጋዊ ሸነኻቱን ኣጸጋሚ ኾይኑ ዘሎ ዘይልሙድ ርክብ ኣስራሕን ሰራሕተኛን እውን እቲ ኻልእ ኣብ ክብርታት ዕዮን ዓያይነትን ጊዜፍ ጽልዋ ዘፈጥር ዘሎ ተርእዮታት'ዩ።

ዝኽሪ ዓለማዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት እምበኣር፥ ነዚ ብድህሃታት'ዚ ንምስጋር፥ ኣብ ምዕጣቕ ፍልጠትን ሞያን ሰራሕተኛታት፥ ኣብ ዕጋበት ስራሕ፥ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን፥ ኣብ ቅርዑይ ዝምድናታት ኣስራሕቲ፥ ሰራሕተኛታትን መንግስትን ዝያዳ ኣተኩሮ ሂብና ክንሰርሕ ዘኽእለና ሓላፍነት ኣለና።

ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ፥ ከም ወከል ሰራሕተኛታት መጠን ብዓቕሙ ምቕሉል ኣበርክቶኡ ንምግባር፥ ኣብ ሞያዊ ስልጠና ሰራሕተኛታት፥ ምዕባይ ኣፍልጦ ኣባላት ኣብ ድሕነትን ጥዕናን፥ ሕጊ ዕዮ፥ ምሕደራን መሪሕነትን፥ ምፍታሕ ግርጭታት፥ ምዕባይ ክልተኣውን ስሉሳውን ዝምድናታት ከምኡ'ውን ዓለማዊ ርክባት ወዘተ ይነጥፍ ኣሎ። ይኹን'ምበር፥ እዚ መጀመርያ ናይቲ ክበጽሖ ዘለዎ ዝዓበየ ስእሊ ስለ ዝኾነ፥ ምስ ኩሎም ሃገራውያንን ዞባውያንን ኣህጉራውያንን መሻርኽቱ ኢደን ጓንትን ብምዃን ቀጻልነቱን ዕብየቱን ከውሕስ ከም ዝግባእ ይኣምን።

ቴማ ናይዚ ዕለት'ዚ ብደረጃ ሃገር፥ 'ንጹር ራእይ፥ ስሙር ዕዮ!' ዝብል እዩ። እዚ ኸኣ ራኢና ከዘጽር፥ ሰባዊ ፍልጠትና፥ ሞያና፥ ኩለትናዊ ንዋታዊ ዓቕምናን ተመኩሮታትናን ብንቕሓት ኣስሚርና ኣብ ልምዓታዊ መኸተና ከም ወትሩ ውፉያት ኴንና ክንወጽእ ዝጽውዕ'ዩ።

እዚ ክውን ንምግባሩ ኣበርክቶን ሸርክነትን ኣካላት መንግስቲ፥ ግንባርን ማሕበራትን ብዓቢኡ ኸኣ መላእ ሕብረተሰብ ከም ወትሩ ክዓዝዝ ትጽቢት ሃኮሰኤ እዩ።

**ዕድመ ንባሕቲ ግንቦት ኣህጉራዊ መዓልቲ ሰራሕተኛታት! ዘልኣለማዊ ዝኽሪ ንሰማእታትና! ዓወት ንሓፋሽ!**

ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

# . . . ኢንዱስትርያውን ዕዮኣውን ዝምድና ኤርትራ

ካብ 1975 ክሳዕ 1982 ኣብ 233 መሰረታዊ ማሕበራት 20,570 ዝኣኽሉ ሰራሕተኛታት ነይሮም። ኣብ ኣጋ ምውዳቕ እቲ ስርዓት እቲ ብዘሒ ናብ 15,526 ሰራሕተኛታትን 145 መሰረታዊ ማሕበራትን ኣንቆልቆሉ። በቲ ዝነበረ ፖለቲካዊ ዘይርግኣት፥ ኩነታትን ቀጠባዊ ማሕንቆታትን ሓያሎ ሰራሕተኛታት ንምዓዳ ክስለፉ ከለዉ ውሑድ ቀጽሪ ዘይብሎም ከኣ ንስደት ኣምሪሖም።

ኣብ 1979 ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ፥ ኣብ ሓራ መሬት ሃገራዊ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ (ሃማሰኤ) ከም ዝምስረት ገይሩ። እቲ ማሕበር ኣብ ፈላሚ ገባኡ፥ ካብ ወሽጢ ሃገርን ካብ ሃገራት ወጻእን ዝመጽኡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኣሰሊፉ። እዚ ማሕበር'ዚ፥ ሰውራዊ ማሕበር ኩይኑ፥ ሰራሕተኛታት ብሞያ፥ ገዚቦ፥ ንዋትን ሞያዊ ኣበርክቶ ሰራሕተኛታትን እንተላይ ህይወቶም ብምብጃው ሰውራ ኣብ ምዕዋት ዓቢ ግደ ተጻዊቱ።

ዋላኳ ኣብዚ እዋን'ዚ፥ ብዙሓ ዝምድናታት ዕዮ ክትዛረብ ኣጸጋሚ እንተኾነ፥ ብመገዲ ምስጢራውያን ኣባላት እቲ ማሕበር ሓያሎ ሰራሕተኛታት ማሰሎም ክረጋገጹሎም ይኽእል ነይሩ። ኣብ ሃገራት ወጻኢ'ውን ሓያሎ ናይ ገዛ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን ብኣስራሕቶም ይብደላ ስለ ዝነበራ፥ ሃማሰኤ ምስ ማሕበራት ሰራሕተኛታት እተን ዝነበራለን ዝነበሩ ሃገራት ብምትሕብባር ጸገመን ኣብ ምፍታሕ ተራኡ ተጻዊቱ።

ሃማሰኤ ብዘይካ'ዚ፥ ኣብ ከተማ ቦሎኛ፥ ጃልያ ኣብ ከተማ ሚላኖ፥ ካብ 1988 ክሳዕ እዋን ናጽነት ከኣ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ ማእከላይ ቤት ጽሕፈት ነይርዎ። ኣብ ዝተፈላለየ ኩርናዓት ናይዛ ዓለም ንዝነበሩ ሰራሕተኛታት ደማ ይውድብ ነይሩ። ኣብ ገለ ዞባውን ኣህጉራውን ኣኼባታት ከኣ ናይ ምስታፍ ዕድላት ይፍጠረሉን ንኹነታት ሰውራን ሓቀኛ ሕቶ መሰልኦእሰ ውሳኔ ኤርትራን መብርሂ ይህብ ነበረ።

ድሕሪ ናጽነት ኤርትራ፥ ግዜያዊ መንግስቲ ኤርትራ ንመሰል ምውዳብን ምስረታ ማሕበርን ዘረጋግጽ ሕጊ ዕዮ ቁ. 8/91 ኣጽዲቑ። ኣብዚ ሕጊ'ዚ መሰረት ብምግባር ድማ ኣብ ማእከሎም 1994 ሃገራዊ ኮንፈደረሽን ሰራሕተኛታት ኤርትራ ቁይሙ። እዚ ኮንደፈደረሽን'ዚ ዝተፈላለየ ጾታት ዘለወን ትካላት ዝሓቖፈ ሓሙሽተ ፈደረሽናት የጠቓልል። ዋላኳ ምስ ማሕበር ሰራሕተኛታት ብምጽዳር ሓደር ዕድመ ይሃልዎ፥ ፈደረሽን ኣሰራሕቲ ኤርትራ'ውን ብዓቕሙ ኣብ ምዕዋት ዝምድናታት ዕዮ ኤርትራ ተራኡ ይጻወት ኣሎ። ህላወ

ህላወ ናይ ክልቲኡ ኣካላት ንመትከላት ማሕበራዊ ዘተ (Social Dialogue) ኣብ ምዕዋት ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ምርቃቕ ሕጊ፥ መምርሒታት፥ ምውዳብ ሰሚናራትን ምኽያድ መጽናዕትን ዝዝበርዎ ተሳትፎ ንሓያልነት ስርዓት ዝምድናታት ዕዮ ዘመሓይሽ'ዩ። ዝያዳ ኹሉ ኸኣ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁ. 118/2001 ክጸድፍ ከሎ ተሳታፍነት እዚ ክልተ ኣካላት ጉሉሕ ምንባሩ ይፍለጥ።

ኣብ ርእሲ'ዚ፥ ዓንቀጽ 147 ናይዚ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ'ዚ፥ ብሰለስቲኡ ኣካላት ማለት መንግስቲ፥ ሰራሕተኛታትን ኣስራሕትን ቦርድ ኣማኻሪ ዕዮ ንኽቕወም መሰል ይህብ፥ ንመንግስቲ ምኽሪ ኣብ ምሃብ ዓሊሙ ኸኣ ክሰርሕ'ዩ። ዋላኳ ክሳዕ ሕጂ እንተ ዘይቆመ፥ ንምቛሙ ዝተወደኣ ንድፊ ኣብ ዝሓጸረ እዋን ንኽጸድቕ ተሰዲዱ ኣሎ።

ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ብዘይካ'ዚ፥ ሰራሕተኛታት ኣብ ትካሎም መሰረታዊ ማሕበር ብምቛም ምስ ኣስራሕቲ ሓበራዊ ውዕል ክኣትዉ የፍቅድ'ዩ። እዚ፥ ኣብ ጉዳያት ዕዮ ምስ ኣስራሕቲ እኳን ምረን ንክበራሉ ባይታ የጣጥሕን ግርጭታት ከሎ ኸኣ ኣብ ቦታ ስራሕ መፍትሒ ንክናደየሎም ዕድል ይህብ። ኣብ ቤት ፍርዲ ክጠፍእ ዝኽእል ሃልኪ ወጻኢታት፥ ግዜ፥ ጉልበትን ኣፍራይነትን ደማ ይዕቅብ። ኣብዚ እዋን'ዚ፥ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ዝተመዝገበ 68 ሓበራዊ ውዕላት ኣሎ። ዕስራን ክልተን ናይ ብሕቲ ክኸውን ከሎ፥ 46 ከኣ ናይ ሓውሲ ዘይመንግስታውያን ትካላት'ዩ።



ተቓውሞ ሰራሕተኛታት መገዲ ባቡር - 1949

ብዘይካ'ዚ፥ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ ንኽቕወም የፍቅድ። ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ ጉዳያት ዕዮ ኣብ መዕለቢኡ ኣብ ምብጻሕ ዓቢ ተራ ይጻወት። እዚ ቦርድ'ዚ ብኣቦ መንበርነት ዝመርሖ ወከል መንግስቲ ዝኾነ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን'ዩ። ካብ ኽፍለ ማሕበር ክልቲኦም ኣባላትን ሓሓደ ተጠባበቕትን ከኣ ኣለዉ። ብመሰረት ዓንቀጽ 132/2 ዝተመርጹ ኣባላት ብሚኒስተርን መራሕቲ ኮንፈደረሽንን ፈደረሽንን ተቐባልነት ክህልዎም ይግባእ።

ቦርድ ዝምድናታት ዕዮ፥ ኣብ ደሞዝ፥ ረብሓ ሰራሕተኛታት፥ ምትእትታው ሓደሽ ኩነታት ስራሕ፥ ሓበራዊ ውዕል (ምቛም፥ ምሕዳስን ምፍራስን)፥ ምትርጓም ዓንቀጻት ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ኣብ ግዜ ግርጭት፥ ምርግጋጽ ዕብየት ሰራሕተኛታትን ካልእን ኣተኩሩ ይዛተን ውሳኔ ይህብ።

ብመሰረት ሕጊ ዕዮ ኤርትራ ቁ. 118/2001፥ ሰራሕተኛታት ክውደቡ እንተኾይኖም ብዝሓም እንተውሓደ 20 ክኾውን ይግባእ። ቀጽሮም ትሕቲ ዕስራ ዝኾኑ ሰራሕተኛታት ሓንቲ ትካል ክውደቡ እንተ ደልዮም'ውን ምስ ካልኦት ኣብ ከባቢኦም ተመሳሳሊ ንጥፈታት ዘካይዱ ሰራሕተኛታት ብምሕባር ጠቕላሊ ማሕበር ክምስርቱ ሕጊ ዕዮ ኤርትራ የፍቅድ። ኣብዚ እዋን'ዚ፥ ኣብ ኤርትራ 170 መሰረታዊ ማሕበራት ይርከባ፥ ከምቲ ልዕል ኢሉ ዝተገልጸ፥ ኣብ ሓደ ኮንፈደረሽን ዝጠቓለላ ሓሙሽተ ፈደረሽናት ከኣ ይሓቁፋ፥ 18,374 ኣባላት ከኣ ኣለውዎ።

ሰለስቲኡ ኣካላት ማለት መንግስቲ ክልተ፥ ሃኮሰኤን ፈደረሽን ኣስራሕቲ ኤርትራን ድማ ሓሓደ ወከል ብምስዳድ ኣብ ኣህጉራዊ ውድብ ዕዮ ይሳተፉ። ክልቲኡ ኣካላት ብሓባር ምስ መንግስቲ ብምዃን ኣብ ዝተፈረመ ስምምዓት፥ ተግባራውነቱን ለበዋታቱን ብሓባር እናተዛተዩ ኣብ ምድንፋዕ ዝምድናታት ዕዮ ተራኦም ይጻወቱ ኣለዉ።



ማሕበራዊ ዘተ - ስሉሳዊ ዝምድና

ምንጪ፥
ወልደሚካኤል ኣብርሃ፥ 1992፥ ቃልሲ ሰራሕተኛታት ኤርትራውያን
ላሪን ብላክ፥ 2000፥ A Synopsis of the Historical Development of the Eritrean Workers Movement
ሰሎሞን ድራር፥ ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኤርትራ 1885-1962 (ኣብ ማስርሕ ሕትመት ዘሎ)
ጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ (ሕታም 17 ሕዳር 2021)
ቃለ-መጠይቕ ምስ ኣቶ ዮሃንስ ሚካኤል - ሓላፊ ጨንፈር ሕጊ ዕዮ ኣብ ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን ሕዳር 2021
ቶም ኪልዮን፥ 1997፥ Eritrean Workers' Organization and Early Nationalist Mobilization: 1948-1958
ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፥ 2016፥ ዕዮን ምሕደራኡን
ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን፥ 2021፥ Labor Administration
ሃኮሰኤ፥ 2021፥ ሓጺር ታሪኽ ኣመሰራርታ ማሕበር ሰራሕተኛታት ኤርትራ
ሃማሰኤ፥ 1981፥ ታሪኽ ምንቅስቓስ ሰራሕተኛታት ኤርትራ)

ብዘይካ ሰኑይ መዓልታዊ እትሕተም ጋዜጣ

ዋና ኣሰናዳኢ
ኣስፍሃ ተኽለማርያም

ምክትል ኣሰናዳኢ
ብርሃነ ምሕረትኣብ

ቁ.ስ 116266 / 201820(2220)

ቦርድ ምስንዳእ
ዮሴፍ ሃይለማርያም
ምሉእብርሃን ሃብተገብርኤል
ተስፋኣለም የማነ
ተስፋልደት መብራህቱ
ቁ.ስ 201820 (2214)
ፋክስ. 127749 - ቁ.ሳ.ጶ. 247

ለይ-ኣውት
ትንሱእ ፍስሃየ
ሳምራዊት ሃብተ
ቤተልሄም ታደሰ
ፍርቱና ኤፍሬም

ምዝርጋሕ ጋዜጣ
ቁ.ስ.200454-07121322
ምልክታ
ቁ.ስ 125013 - ቁ.ሳጶ. 1284



# ጥዕና

ሱሌማን ኣሕመድ

## ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ - Dysuria

ሓደ ሓደ ግዜ ክንሸይን እንከለና ኣቐዝዚ.ወና ይፈልጥ ይኸውን እዩ። እዚ ዓይነት ስምዒት'ዚ ብሕክምናዊ ኣጸዋውዓ 'ዳይሱርያ' (Dysuria) ይብሃል። እቲ ቃንዛ ወይ ናይ ምቅጻል ስምዒት፣ ክንሸይን ኣብ እንደልየሉ እዋን'ውን ይርአ እዩ።

ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ ማለት 'ዳይሱርያ'፣ ካብ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ ኣብ ደቂ ኣንስትዮ እዩ ብበዚሒ ዝርአ።

'ዳይሱርያ'፣ ኣብ ኣቀማምጣ ተፈጥሮኣዊ ኣካል መራብሒ ደቂ ኣንስትዮ ብዝርአ ጸገማት እዩ ብዙሕ ግዜ ዝፍጠር። ብተፈጥሮ ደቂ ኣንስትዮ ካብ ፍሕኛ ሽንቲ ንደገ ዘውጽእ ሓጺር ናይ ሽንቲ መትረብ ማለት ሻምብቆ እዩ ዘለወን። ኣብ መንጎ መትረብ ሽንትን ሻምብቆ ስርዓተ መፍረን ዘሎ ርሕቀት ዝተቐራረበ ብምዃኑ ድማ፣ 'ዳይሱርያ' ኣብ ደቂ ኣንስትዮ ብበዚሒ ይርአ።

ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ (ዳይሱርያ) ሓያሎ ጠንቅታት እዩ ዘለዎ። ሓደ ካብኡ ረኽሲ (infection) እዩ። እቲ ረኽሲ ኣብ ዝኾነ ሽነኽ ናይ መትረብ/ ሻምብቆ ሽንቲ ኪጋጥም ይኽእል እዩ። ኣብ ሓደ ክፍሊ ዝጀመረ ረኽሲ ግቡእ ሕክምናዊ ፍወሳ ምስ ዘይረክብ ብቐሊሉ ናብ ካልእ ክፍሊ ክሰግር ይኽእል። በዚ ድማ፣ እቲ ብቐሊሉ ክፍወስ ዘኽእል ዝበረ ረኽሲ ንኩሊት፣ ዩሬተር (Ureters) - ካብ ኩሊት ናብ ፍሕኛ ሽንቲ ዘሕልፍ መትረብ፣ ንፍሕኛ ሽንቲ (Bladder)፣ ከምኡ'ውን ዩሬትራ (Urethra) - ካብ ፍሕኛ ናብ ደገ ሽንቲ ዝተፍእ መትረብ ከጥቅዕ ዕድል ይረክብ።

* ረኽሲ ኣብ ሻምብቆ ሽንቲ (Urinary tract infections)፦ ሓደ ካብ ቀዳማይ ጠንቂ ኣብ ግዜ ምሻን ዘጋጥም ቃንዛ - ረኽሲ ኣብ ሻምብቖ ሽንቲ እዩ። እቲ ረኽሲ፣ ናብ ሻምብቆ ሽንቲ ክኣትው ዕድል ብዝረኸቡ ባክተርያ ክፍጠር/ ክስዕብ ይኽእል። ካብኡ ድማ ናብ ዝተፈላለየ ክፍሊ ናይ ዩሬትራ ይሓልፍ። ኣብ ታሕተዋይ ሻምብቆ ሽንቲ ዝፍጠር ረኽሲ ዝፈጥሮ ምልክታት፦

= ቃንዛ ኩቡዲ ብፍላይ ኣብ ግዜ ሽንቲ፣

= ርጓ ወይ ቀይሕ ቀለም ዝሓዘ ሽንቲ፣

= ካብ ንቡር ዝተፈልየ ሕማቕ ሽታ ዘለዎ ሽንቲ፣

= ፍሕኛ ሽንቲ - ሽንቲ ከየዋህለለ እንከሎ ዋላ ክትሸይን ምድላይን ሽንቲ ምውጣጥን፣

= ቃንቃ ዓንዲ ሕቖ፣

= ኣብ ከባቢ ጎሎ ጸቡቕ ስምዒት ዘይምርካብ ወዙተ እዩም።

እቲ ረኽሲ ካብ ሻምብቆ ሽንቲ ሓሊፉ ናብ ኩሊትን ካልእ ክፍሊ ሰብነትናን ምስ ዝላባዕ፣ እቲ ዝርአዩ ምልክትታት ዝያዳ እናጎልሐ እዩ ዝኸይድ። ገለ ንምጥቃስ፦

= ረስኒ፣

= ንዋይሕ ዝጸንሕ ቃንዛ ዓንዲ ሕቖ፣

= እናኻዕ ዝመጽእ ቃንዛ ኣብ ጎሎ፣

= ቀጨውጨው ምባል፣

= ተምላሰን ውጹኣትን እዮም።

ንረኽሲ ሻምብቆ ሽንቲ ዘቃልዑ ጠንቅታት - ዕድመ፣ ጾታ፣ ሕማም ሽኮር፣ ጸጸር ኩሊት ዘለዎም ሰባት፣ ነፍሰ-ጾር፣ ዝለዓለ ዓቐን/ ብዝሒ ፕሮስቴት ጸኪ ዘለዎም ሰባት (እዚ ብዙሕ ግዜ ምስ ዕድመ ዘጋጥም ጥዕናዊ ጸገም እዩ)፣ ናይ ሽንቲ መሸኒ ትቦ (urinary catheter) ዝተገበረሎም ሰባት ወዙተ እዮም።

* **ብስጋዊ ርክብ ዝመሓላለፉ ሕማማት (Sexually transmitted infections)፦** ኣብ እንሸነሉ እዋን ዝፍጠር ናይ ምቅጻል ስምዒት ዝፈጥሩ ጸረ ጓና ህይወታውያን ሓደ ባክተርያ እዮም። ናይ ብልዕቲ ሀርፐስ (Genital herpes)፣ ክላሚድያ (Chlamydia) ከምኡ'ውን ጅግል (Gonorrhea) ገለ ካብቶም ብስጋዊ ርክብ ክመሓለልፉ ዝኽእሉ ሕማማት እዮም። ብስጋዊ ርክብ ዝመጽእ ረኽሲ ዘርእዮ ምልክታት፦

= ዘይተለምደ ፈሳሲ ካብ ርሕሚ፣

= ብምቅጻል ዝርአ ናይ ምሕካኽ ስምዒት ኣብ ከባቢ ብልዕቲ/ ርሕሚ ክጥቀሱ ይከኣሉ።

* **ረኽሲ ኣብ ርሕሚ (vaginal infections)፦** ናይ ርሕሚ ረኽሲ ልክዕ ከም ረኽሲ ናይ ፍሉት (yeast infection) ኣብ ርእሲ'ቲ ዝፈጥሮ ናይ ምቅጻል ስምዒት ኣብ ከባቢ ርሕሚ ክትሓክኽ ናይ ምድላይ ስምዒት ወይ ዘይንቡር ልምዲ የስዕብ።

**እቲ ካልእ ምልክታት ረኽሲ ናይ ርሕሚ፦**

= ጻዕዳ ሓፈስ ዘይተለምደ ፈሳሲ ካብ ርሕሚ ክወጽእ ምርኣይ፣

= ኣብ ግዜ ስጋዊ ርክብ ናይ ምቅጻልን ጸላዕላዕ ምባልን ስምዒት ምፍጣር፣

= ደጋዊ ክፍሊ ናይ ርሕሚ ዓምበቡ ምርኣይን ሰሓን የጠቓልል።

* **ኣቀማምጣ መትረብ ሽንቲ ዩሬትራ (Urethral structure)፦** እዚ ጸገም'ዚ ብዙሕ ግዜ ኣብ ደቂ ተባዕትዮ እዩ ዝርአ። እቲ መትረብ ሽንቲ ብተለጣፊ ስጋ ምስ ዝጸብብ ወይ እቲ መትረብ ብዝኾነ ጸገም ክምጠጥ ምስ ዘይክእል ይኸሰት። ኣብ ከምዚ ጸገም'ዚ ሽንቲ ብዘይ ጸገም ንደገ ክወጽእ ስለ ዘይክእል እቲ ናይ ምቅጻል ስምዒት ክርአ ግድን ይኸውን።

* **ካልእ ጸገማት፦** ኣብ ግዜ ስጋዊ ርክብ ዝርአ ነዊሕ ዝጸንሕ ምንቅስቓስ ንመትረብ ሽንቲ ዩሬትራ ክጎድኦ ይኽእል እዩ። ካልእ ነዊሕ ሰዓታት ዝወሰድ ምውሳዋስ ኣካላትን ነዊሕ ሰዓታት ኣብ ብሽክለታ ምውጣሕን ኣብ ደጋዊ ክፍሊ ርሕሚ ቊጥዐን ፍሕፈሐን ክፈጥር ይኽእል እዩ። ስለዚ፣ ምስትብሃሉ ከም ዘድሊ ሓካይም ይመኽሩ።

**መዓስ ናብ ሓኪም ምኻድ የድሊ?**

ካብ ናይ ወዲ ይኹን ናይ ጓል መራብሒ ክፍሊ ኣካል ዘይተለምደ ፈሳሲ ብተደጋጋሚ ክወጽእ ምስ እንዕዘብ፣

ድሕሪ ምሕካምና እቲ ናይ ምቅጻልን ምሕካኽን ስምዒት ምስ ዘይገድፍ፣

ኣብ ጎናዊ ሽነኽ ማዕጥቖና ወይ ዓንዲ ሕቖና ዘቖንዝዉን ዘቃጽልን ስምዒታት ምስ ዘጋጥመና፣

ደም ዝተሓወሶ ሽንቲ ምስ እንርኢ ናብ ሓኪም ኣብ ምኻድ ክንዘንግዕ የብልናን።

ሓኪም ጠንቂ ናይ 'ዳይሱርያ' ንምፍላጥ፣ እቲ ስምዒት ቃንዛ ኣብ ግዜ ሽንቲ፦

**ሃንደበት ድዩ ዋላ ቀስ ብቐስ እዩ ጀሚሩ?**

**ሓንሳብ ድዩ ዘጋጥም ዋላ ብዙሕ ግዜ?**

ሽንቲ ክትጀምር እንከለኻ ዶ ዋላስ ክሳብ ሽንቲ እትውድእ ይቕጽል?

ንዝበሉ ሕቶታት ካብቲ ግዳይ



ግቡእ ምላሽ ክረክብ ኣለዎ።

**ባዕልና ብኸመይ ንፍወሶ?**

ኣብ እንሸነሉ እዋን ዘጋጥመና ናይ ምቕንዛውን ምቅጻልን ስምዒት ባዕልና ብእንገብሮ ምክትታል ክንፍወሶ ከም ዝከኣል'ውን ሓካይም ይመኽሩ እዮም።


መዓልታዊ ብበዚሒ ማይ ምስታይ፣

ሽንቲ ክመጽኣና እንከሎ ዘይምቅርቃር ኑቲ ጸገም ከህድኦ ይኽእል እዩ።

**ብኸመይ ከ ንከላኸሎ?**

እቲ ኣዝዩ ልሙድ ጠንቂ 'ዳይሱርያ' ረኽሲ ኣብ ሻምብቆ ሽንቲ ካብ ኮነ፣ ኳለንስተይቲ እንተኾንኪ ግቡእ ክንክንን ጽሬትን ኣብ ከባቢ ርሕሚ ክህልወኪ ይግባእ። ድሕሪን ቅድምን ጾታዊ ርክብ ክትሸኒ ምኽኣል'ውን ዝበለጸ እዩ። እዚ ኣብ ሻምብቆ ሽንቲ ዩሬትራ ባክተርያ ከይኑብር ንምክልኻል ይሕግዝ። መዓልታዊ ብበዚሒ ማይ ምስታይ ብዙሕ ክትሸይን የኽእል። ብዙሕ ምስ እትሸኒ ድማ ኣብ ሻምብቆ ሽንቲ ባክተርያ ከይሰፍር ይከላኸል።

ምንጪ፦ medicalnewstoday




## ሽጋራ ምትካኽ ብምቁራጽካ .......

=> ድሕሪ 20 ደቓይቕ፦* ጸቕጢ ደምካ ይጎድል፣

* መጠን ረምታ ልቢ (pulse) ይኸይ፣

* መጠን ሙቐት ኣእዳውካን ኣእጋርካን ይወሰኽ።

=> ድሕሪ 8 ሰዓታት፦

* ኣብ ደምካ ዝሀሉ መጠን ካርቦን ሞኖክሳይድ ብምጉዳል ናብ ንቡር ክምለስ ይጀምር፣

* ከም ወጽኢቱ ኣብ ደም ዝሀሉ መጠን ኦክስጅን ብምውሳኽ ናብ ንቡር ደረጃ ይድይብ።

=> ድሕሪ 24 ሰዓታት (ሓደ መዓልቲ)፦

* ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ይኸይ፣

=> ድሕሪ 48 ሰዓታት፦

* ጫፋት ናይ መትኒ ብግቡእ ክዕቢ ይጀምሩ፣

* ናይ ምሽታትን ምስትምቓርን ብቕዓትካ ብዝበለጸ መጠን ክመሓየሽ ይርኣ።

=> ድሕሪ ካብ 2 ሰሙን ክሳብ 3 ወርሒ ዘሎ ግዜ፦

* መጠን ዑደት ደም (blood cerculation) ብዝበለጸ መጠን ክመሓየሽ ይርኣ፣

* ነዊሕ መንገዲ ድኻም ከይተሰምዓካ ብእግሪ ክትጎዓዝ ትኽእል፣

* ስራሕ ናይ ሳንቡእ ይመሓየሽን ይዓብን።

=> ድሕሪ ካብ 1 ክሳብ 9 ወርሒ ዘሎ ግዜ፦

* ምስዓል፣ ምዕባስ ሰርናን ንሱ ዘስዕቦ ድኻምን ከምኡ'ውን ሕጽረት እስትንፋስ ኩሎም ክጎድሉን ክጠፍኡን ይጅምሩ።

=> ድሕሪ ሓደ ዓመት፦

* ካብቶም ኣትከኽቲ ሽጋራ ብሕማም ልቢ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ብፍርቂ ዝተሓተ ይኸውን።

=> ድሕሪ 5 ዓመታት፦

* ብሕማም ወቕዒ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ፣ ልክዕ ከምቶም ዘየትክኹ ዝተሓተ ይኸውን።

=> ድሕሪ 10 ዓመታት፦

* ካብቶም ቀጻሊ ሽጋራ ዘትክኹ ብሕማም መንሽሮ ሳንቡእ ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ብ50 ሚእታዊት ዝተሓተ ይኸውን።

* ብኻልኦት ዓይነታት ሕማም መንሽሮ ናይ ጎረሮ፣ ኣፍ፣ ላንቃ (larynx)፣ ሻሕሻሓ (esophgos)፣ ሓሞት፣ ኩሊት፣ ከምኡ'ውን ቆሰጣ (pancreas) ክትጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ዝተሓተ ይኸውን።

* ኪጋጥመካ ዝኽእል ተኽእሎታት 'ኣልሰር' (ulcer) ድማ ይጎድል።

=> ድሕሪ 15 ዓመታት፦

* ብሰንኪ ሕማም ናይ ሞት ተኽእሎታትካ፣ ልክዕ ከምቶም ሽጋራ ዘየትክኹ ዝተሓተ ይኸውን።

* ብዝተፈላለዩ ሕማማት ልቢ ክጥቃዕ ዘለካ ተኽእሎ ድማ ልክዕ ከምቶም ዘየትኽኹ ናብ ዝተሓተ ደረጃ ይወርድ።

ምንጪ፦ American Lung Association Journal

### ሎሚ ኣብ ERI-TV

| ሰዓት | መደብ |
|---|---|
| 12:00 | ሃገራዊ መዝሙር |
| 12:02 | ድራማ |
| 12:30 | ዜና (ትግርኛ) |
| 12:50 | ዜና ስፖርት |
| 12:55 | ጨፌራ ጥዕና |
| 13:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 13:45 | ለሰ ስፖርት |
| 15:20 | ፍረ ጻዕሪ |
| 16:10 | ሰሙናዊ ስፖርት |
| 17:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 17:15 | ደርፊ |
| 17:30 | ዜና (ዓረብ) |
| 17:45 | ዶክተራት ኣብ ስትድዮ |
| 18:15 | ተኸታታሊት ፊልም ቻይና (MINING TOWN) PART 07 |
| 19:20 | ሃሎ ቀልዑ |
| 20:00 | ዜና ትግረ |
| 20:15 | ሸዕቡት |
| 21:00 | ዜና (ትግርኛ) |
| 21:25 | እንዳ ዘማም |
| 22:00 | ዜና (ዓረብ) |
| 22:10 | መደብ ቆላሕታ |
| 22:30 | ዜና (እንግሊዝ) |

# ሓጺር ታሪኽ ሕጋዊ መኸተ ህዝቢ ኤርትራ

## ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ

ሰሎሙን በርሀ

(7ይ ክፋል)

እዚ ጽሑፍ'ዚ ብኣጋጣሚ ዝኽሪ 30 ዓመት ረፈረንዱም ኤርትራ ከምኡ'ውን ዝኽሪ ብይን ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን 13 ሚያዝያ 2002ን ዝተዳለወ ኮይኑ፡ ኣብ ዝሓለፈ ክፋል ናይዚ ጽሑፍ'ዚ፡ ትግባረ ብይን ዓንቂጽካ ናብ ሓሸውየ ዲያሎግ ንምምላሱ፡ ሚስተር ሎይድ ኣክስዎርዚ ዝተባህለ ካናዳዊ በዓል ስልጣን "ፍሉይ ልኡኽ ሕቡራት ሃገራት" ዝብል ስም ተጠሚቑ፡ ዲፕሎማሲያዊ መገሻታት ከካይድ ከምዝጀመረ፡ መንግስቲ ኤርትራ ግን ከምዘይተዳህለለ፡ ኣብ ሕጋዊ መርገጺኡ ብምጽናዕ ከኣ፡ ምምዛዝ ፍሉይ ልኡኽ ሕጋውነት ከምዘይብሉን ልዕሊ ኮምሽን ዶብ በርኹ ክቐመጥ ዝኽእል ዳኛ ከምዘየለን ብምግላጽ ኣትሪሩ ከምዝተቓወሞ፡ ሕጋዊ ሞገት ኤርትራ ክሰገር ዘይክእል ምስ ኮነ ድማ፡ ሕቡራት ሃገራት ንመዘዙት ፍሉይ ልኡኽ ከምዝሰረዞ ተመልኪትና።

### ግሁድ ኣብያ - ዘየዋጽእ ሜላ

ወያነ ብምትብባዕ ምምሕዳር ኣመሪካ፡ ኣብ መስርሕ ዳንነት ይኹን፡ ድሕሪኡ ኣብ ዝቐጸለ ክልተ ዓመታት ውሳነ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን፡ ብጸቕጢን ታህዲድን ንምጽላው ዘካየዶ ፈተነ ኣይተዓወተን፡፡ ብምኽሪ ጎይቶቱ ኑቲ ጉዳይ ካብ ሕጋዊ ሓዲድ ብምውጻእ፡ ናብ መጻወድያ ዘተ ንምምላሱ ዝገበሮ ሃቐነ እውን ኣይሰርሐን፡፡ እዚ መገዲ'ዚ ከምዘየዋጽእ ድሕሪ ምግምጋም ድማ፡ ኣብ መወዳእታ 2004 ሜላኡ ክቕይር ተገደደ፡፡



ጃንዳየ ፍሬዘር ኣብ ባድመ ረፈረንዱም ክካየድ ዝኣመመት በዓልቲ ስልጣን ኣመሪካ

በዚ መሰረት፡ ወያነ ብ25 ሕዳር 2004 ስማዊ ፖርላማኡ ኣኪቡ፡ 5 ነጥቢታት ዝሓዘ "ናይ ሰላም እማመ" ብምእዋጅ፡ ንውሳነ ኮምሽን ዶብ ብመትከል ከምእተቐበሎ፡ በዚ መሰረት፡ ኣቋራጽዎ ዝጸበረ ክፍሊት ናይ ኮምሽን ዶብ ክኸፍልን ፈልድ ላይዘን ኦፊሰር ክምዝዘን ምኳኑ ብምግላጽ ሓድሽ ናይ ምድንጋር ጸወታ ጀመረ፡፡ ብ7 ታሕሳስ 2004 ከኣ፡ ሕቡራት ሃገራት ንሓድሽ እማመ ሰላም ስርዓት ወያነ ብሓጎስ ከምእተቐበሎ ኣፍለጠ፡፡ ብ21 ታሕሳስ 2004 ከኣ፡ ኢትዮጵያ ውሳነ ኮምሽን ዶብ ብመትከል ተቐቢላ ንትግባረኡ ድልውነታ ካብ ኣረጋገጸት፡ እቲ ኮምሽን ተልእኾኡ ክፍጽም ዕድል ተኸፊቱሉ ስለዘሎ፡ ምስ ክልቲኦም ወገናት እናተሓባበረ ዕማሙ ክፍጽም ትእዛዝ ሃበ፡፡

በዚ መሰረት፡ ኮምሽን ዶብ፡ ተኻኺዩ ዝጸበረ ዓቕሚ ሰብ ኣብያተ ጽሕፈቱ ዳግም ብምምላእ ስርሑ ከጣጥፍ ተበገሰ፡፡ ምስቶም ዶባት ከመልክቱ ብውሕ.ሃ. ዝተሓርዩ ናይ ህንጻ ተኾናተርቲ ኩባንያታት ውዕል ክፍጽም ይዳሎ ከምዘሎ ብምሕባር ድማ፡ ክልቲኦም ወገናት ብዘይ ዝኾነ ቅድመ ኩነት ኣብ ስርሑ ክተሓባበርዎ ዝሕብር ጽሑፍ ምስናይ ውጥናት ስርሑ ንክልቲኦም መንግስታት (ኤርትራን ኢትዮጵያን) ብ26 ጥሪ 2005 ኣቕረበሎም፡፡ እንተኾነ ዕላማ ወያነን ጸላኢ ምምሕዳር ኣመሪካን፡ ኑቲ ብይን ከምዝተቐበልካዮ መሲልካ ምድንጋር እምበር፡ ብቕንዕና ትግባረኡ ምርግጋጽ ስለዘይነበረ፡ ዝተፈላለየ ምስምሳት እናምጽኡ፡ ቅድመ ኩነታት እናደርደሩ፡ እቲ ኮምሽን ስርሑ ከይቅጽል ዓንቀጽዎ፡፡

**በዚ ዘማረረ ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ነዚ ዳሕረዋይ ዕንቅፋታት ኣመልኪቱ ናብ ባይቶ ጸጥታ ዝጸሓፎ ደብዳበ ከምዚ ይብል፦**

"ኢትዮጵያ ሕጂ እውን ምምልካት ዶብ ኣብ ባይታ በቲ ዝወጸ ናይ ግዜ ሰሌዳ መሰረት ክፍጸም ድልውነታ ኣየርኣየትን፡፡ ኣቓዲማ፡ ቅድሚ ትግባረ ዘተ ክካየድ እኳ ትጠልብ እንተነበረት፡ ኮምሽን ዶብ ኑቲ መስርሕ ንቕድሚት ንምድፋእ፡ ብ22 ለካቲት 2005 ምስ ክልቲኦም ወገናት ንክራኸብ ዘቕረቦ ጸውዒት ብምንጻግ፤ ኣብ ውሽጢ መቓን መስርሕ ምምልካት ዝሎ ናይ ዘተ ዕድል እውን ነጺጋቶ እያ፡፡ እዚ ዕንቅፋት'ዚ ካብ ክራማት ናይ 2002 ጀሚሩ፡ ካብ ዝተራእዩ ብዙሓት ዕንቅፋታት እቲ ናይ መወዳእታ ኮይኑ፡ በቲ 'ኢትዮጵያ ንውሳነ ምምልካት ዶብ ተቐቢላቶ እያ' ዝብል ግጉይ መረዳእታን መግለጺታትን ተጎልቢቡ ይኸይድ ኣሎ፡፡"

ወያነ ንፖለቲካዊን ዲፕሎማሲያዊን ሃልክ፡ ኑቲ ብይን ከምዝተቐበሎ መሲሉ ይቐረብ እምበር፡ ከምቲ ኮምሽን ዶብ ደጋጊሙ ኣብ ጸብጻባቱ ዘቃልዖ ዝጸበረ፡ ብምትብባዕ ኣመሪካ፡ ብቐጻሊ ትግባረኡ ንምዕንቃጽ እዩ ዝሰርሕ ነይሩ፡፡ በዚ ድማ ኮምሽን ዶብ ኣብ ለካቲት 2005 ዳግም ኣብያተ ጽሕፈቱ ምሉእ ብምሉእ ክዓጽዩ ወሰነ፡፡ እቲ ኮምሽን ብ24 ለካቲት 2005 ናብ ዋና ጸሓፊ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዘቕረቦ መበል 16 ጸብጻብ ስራሕ፡ ብስምምዕ ኣልጀርስ ዝተሰከሞ ዶባት ክልቲኣን ሃገራት ናይ ምምልካት ዕማም ንምጅማር ንኣስታት 3 ዓመታት ዘካየዶ ልዑል ጻዕርን ምድላዋትን፡ ጻማ ከይተረኽቦ ምትራፉ ከምዝሕዝኖ ብምግላጽ፡ ብሰንኪ ዕንቅፋታት ኢትዮጵያ ስርሑ ከካይድ ብዘይምኽኣሉ፡ ኣብ ኣስመራ፡ ዓዲግራትን ኣዲስ-ኣበባን ዝርከብ ደስከሉ ዝጸንሐ ኣብያተ ጽሕፈቱ ክዓጹ ከምእተገደደ ኣፍለጠ፡፡ ሕቡራት ሃገራት ኮነ ኣውሓስቲ ስምምዕ ኣልጀርስ ግዴታኦም ክፍጽሙ ብዘይምኽኣሎም፡ መስርሕ ምምልካት ዶብ ጀሆ ተታሒዙ፡ ማሕበረሰብ ዓለም ንዓመት ኣስታት 200 ሚልዮን ዶላር ወጻኢ ከጉበረሉ ዝጸንሐ ተልእኾ ሕቡራት ሃገራት ብዘይ ገለ ፍረ ንፍሽለት ከይቃላዕ ድማ ኣተሓሳሰበ፡፡

ምዕጻው ኣብያተ ጽሕፈት ኮምሽን ዶብ፡ ንድርብ ዕያርን ምስሉይ መትከላትን ናይቲ ኣመሪካ እትምርሖ ማሕበረሰብ ዓለምን ወካሊኡ ሕቡራት ሃገራትን ዘቃልዐ ሓደገኛ ቅድመ ፍጻመ ብምንባሩ ዘቐሰን ኣይነበረን፡፡ በዚ ድማ፡ ካልእ ናይ ምድንጋር ሜላ ክህንደስ ግድነት ኮነ፡፡ ኣብ ፈለማ 2006 ከኣ፡ "ምቅልጣፍ ምምልካት ዶብ" ዝብል ስም ዝተዋህቦ፡ ብዋዕባ ግን ትግባረ ብይን ምንዋሕን ምትሕልላኽን ዝዕላማኡ ተበግሶ ተወሰደ፡፡ ነዚ ሓድሽ ጸወታ'ዚ ዝመርሕ ጀነራል ካርልቶን ፉልፎርድ ዝተባህለ ኣመሪካዊ ድማ ተመዘዘ፡፡ ዕላማ ናይዚ ብምምሕዳር ኣመሪካ ዝተወሰደ ተበግሶ፡ ብስም "ምቅልጣፍ ምምልካት ዶብ" ኣብ ግዜ ትግባረ፡ ኣብ ባይታ ናይ ምጉት ዓንኬል ከፊትካ፡ ንብይን 13 ሚያዝያ 2002 ብፖለቲካዊ መንጎኛነት ምቕያር እዩ ነይሩ፡፡ ትሕዝቶኡን ናይ ኣፈጻጽማ ውጥናቱን ኑቲ ኣቓዲሙ ብኮምሽን ዶብ ዝወጸ ዝርዝራት ኣተግባብራ ምምልካት ዶብ ካብ ስሩ ዘቕይር ዘይሕጋዊ ተግባር ብምንባሩ ድማ፡ ብመንግስቲ ኤርትራ ተቐባልነት ኣይረኸበን፡፡

ጀነራል ፉልፎርድ ናብ ኣማኻሪ ሕጋዊ ጉዳያት ኤርትራ ኣብ ዝጸሓፎ መልእኽቱ፡ ኣብቲ ዶብ ክሳብ ናይ ሓደ ኪሎሜተር ዝጸድሕ ምትዕርራይ ንምግባር ምእንቲ ክኽኣል ኦፐረሽናል ዓቕናት ክለኣኸሉ ምሕታቱ፡ ኑቲ ብስም "ምቅልጣፍ ምምልካት" ክፍጸም ዝተሓሰበ ዘይሕጋዊ ተግባር ዘቃልዕ'ዩ ነይሩ፡፡ ነዚ ሓቂ'ዚ ዘራጉድ ካልእ ፍጻመ እውን ምጥቃስ ዝከኣል እዩ፡፡ ኣብ ጥሪ 2006 ተሓጋጋዚት ጸሓፊት ጉዳያት ወጻኢ ኣመሪካ ኣብ ጉዳያት ኣፍሪቃ፡ ብዘይ ኣፍልጦ መንግስቲ ኤርትራ ኣብ'ቲ ብወረር ዝተጉበጠ ልኡላዊ መሬት ኤርትራ ባድመ፡ ብሰበስልጣን ኢትዮጵያ ተሰንያ በጺሓ ነይራ፡፡ ንሳ ኣብዚ ዘይሕጋዊ ዑደታ፡ መጻኢ ዕድል "ባድመ" ዝውስን "ረፈረንደም" ክካየድ ሓሳብ ምቕራባ፡ ታሪኽ ሰፊዑዎ ዝርከብ ግዝኣተ ሕጊ ከሱ ዝሃቀነ ተወሳኺ ዘይሕጋዊ ተግባር ምምሕዳር ኣመሪካ እዩ፡፡

### ልምስት ሕቡራት ሃገራት

ኣብ ወርሓት ሰነ ታሕሳስን ናይ 2000 ዓ.ም. ደባዊ ምስሕሓብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ንምዕራፍ ኣብ ከተማ ኣልጀርስ ዝተፈረሙ ክልተ ስምምዓት (ኣፈናዊን ኣጠቓላልን)፡ ንኣከራኻርኑት ነቓዕ ዘይገደፉ፡ ኣዘዮም ንጹራት ሰነዳት እዮም፡፡ ሕቡራት ሃገራት ከኣ ትግባረኦም ከሰገድድ፡ ንማሕበረሰብ ዓለም ወኪሉ ብኸታሙ ሓላፍነት ዝወሰደ ዝለዓለ ኣካል እዩ፡፡ ቡተም ስምምዓት መሰረት ዝተዋህበ ብይን ኮምሽን ዶብ፡ ናይ መወዳእታን ቀያዲን ባህርይ ዘለዎ ኮይኑ፡ ትግባረኡን ቀያድነቱን ናይ ምውሓስ ሓላፍነትን ግዴታን ከኣ፡ ብቐንዱ ናይ ውድብ ሕቡራት ሃገራት እዩ ነይሩ፡፡ ስምምዓት ኣልጀርስ ብዘይካ'ዚ፡ ውሳነ ምቕባል ኣብ ልዕሊ ዝኣበየ ወገን፡ ሕጋዊ ስጉምቲ ክውሰደሉ ከምዝግባእ ብንጹርን ዘየሻሙን ቃላት ዝገልጹ እዮም፡፡ እዚ እናኾነ፡ ሕቡራት ሃገራት ሓላፍነቱን ግዴታኡን ኣብ ምፍጻም ብዘርኣዮ ብኩራት፡ ን20 ዓመታት ዝኣክል፡ ሰቓይ ህዝብታት ኤርትራን ኢትዮጵያን ዘናውሐ ሰላምን ምርግጋእን ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዘዘርግ ሃዋህው ተፈጢሩ፡፡

ኣብ መስከረም 2003፡ ቀዳማይ ሚኒስተር ወያኑ ኑቲ ናይ መወዳእታን ቀያዲን ክኸውን ኣቐዲሙ ብኸታሙ ዝተሰማምዓሉ ብይን ኮምሽን ዶብ፡ "ዘይሕጋዊ፡ ዘይሓላፍነታዊን ዘይቅኑዕን" ኢሉ ብምዝላፍ፡ ከምዘይቅበሎ፡ ብወግዓዊ ደብዳበ ንባይቶ ጸጥታ ምሕብሩ ይፍለጥ፡፡ እዚ መግለጺ'ዚ ኑቲ "ክልቲኦም ወገናት፡ ኮምሽን ዶብ ዝህቦ ብይን ናይ መወዳእታን ቀያዲን ክኸውን ይሰማምዑ፤ ኑቲ ብመሰረት ውሳነ ናይቲ ኮምሽን ዝሕንጸጽ ዶብ ድማ ግዝኣታዊ ሓድነትን ልኡላውነትን ሓድሕዶም የኽብሩ" ዝብል ዓንቀጽ 4.15 ናይ ስምምዕ ኣልጀርስ ብቐሉዕ ዝጥሕስ'ዩ ነይሩ፡፡ የግዳስ ባይቶ ጸጥታ፡ ነዚ ብወግዓዊ ደብዳበ ዝተገልጸሉ ርግጸት ሕጊ፡ ጎሲምዎ ኣጽቂጡ፡፡

ኣብ ሓምለ 2002፡ ወያነ ንስምምዕ ኣልጀርስን ቻርተር ሕቡራት ሃገራትን ብምጥሓሱ፡ ኣብ ልኡላዊ ግዝኣት ኤርትራ ዘይሕጋዊ ሰፈራታት ክደኩን ኣብ ዝተራእየሉ፡ ባይቶ ጸጥታ ብውሳነ ቁጽሪ 1430፡ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልታት ኑቲ ሓድሽ ሰፈራታት ከተዕሩዎ ምእዛዙ ይዝከር፡፡ እንተኾነ ስርዓት ወያነ ኑቲ ትእዛዝ ነጺጉዎ ኩብቅዕ፡ ባይቶ ጸጥታ ዝኾነ ኣራሚ ስጉምቲ ክወስድ ኣይተራእየን፡፡ ኢትዮጵያ ብዘይካ'ዚ ንስራሕ ናይቲ ኮምሽን ንምዕንቃፍ፡ ምስቲ ኮምሽን ዘራኽብ ወከል (ላያዘን ኦፊሰር) ስሒቡ፡ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ ንኮምሽን ክትከፍሎ ዝግባእ ክፍሊት ምሃብ ኣብ ዝሓንገደትሉ፡ ባይቶ ጸጥታ ብጩቕ ኣይበለን፡፡

ከም ሳዕቤን ናይቲ ብስርዓት ወያነ ዝገጠሞ ዕንቅፋትን ሰቕታ ባይቶ ጸጥታን፡ ኮምሽን ዶብ፡ ኣብ መጋቢት 2005 ኣብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ዝጸበረ ኣብያተ ጽሕፈቱ ክዓጹ ከምእተገደደ ንባይቶ ጸጥታ ብወግዒ ኣብ ዝሓበረሉ፡ ባይቶ ጸጥታ ብመሰረት ስምምዕ ኣልጀርስ፡ እቲ ኮምሽን ብውድብ ሕቡራት ሃገራት ዝተመስረተን ኣብ ትሕቲ ጸላሉ ዝጠጥፍ ኣካል ክንሱ፡ ስርሑ ዘቐጽለሉ ሃዋህው ንምፍጣር ዝኾነ ስጉምቲ ኣይወሰደን፡፡

ባይቶ ጸጥታ፡ ስምምዕ ኣልጀርስ ካብ ዘሰከሞ ሓላፍነት በኹሩ ኩብቅዕ ብኣንጻሩ፡ ምምሕዳር ኣመሪካ ንሕጋዊ ስራሕ ኮምሽን ብምጉሳይ፡ "ፍሉይ ልኡኽ'ዶ…ኣራኻቢ ጉጅለ" እናበለ ሕጋውነት ዘይብሎም ኣካላት ንምምዛዝ ኣብ ዘካይዶ ዝጸበረ ዘይሕጋዊ ስራሕ እውን መጋበርያ ኮይኑ ኣገልጊሉ እዩ፡፡ ንሕጋዊ መስርሕ ኣወዚፍካ ኑቲ ጉዳይ ናብ ዘተ ንምምላስ ዝተገብረ ድፍኢት፡ ከምኡ'ውን ብስም ምቅልጣፍ ምምልካት ዶብ፡ ሓላፍነት ኮምሽን ዶብ ንምምንዛዕ ዝተኻየደ ሃቐነታት እውን ባይቶ ጸጥታ ክድግፎ ተራእዩ፡፡

ጃንዳ ወያኑ ስምምዕ ብቐሉዕ ጥሒሱ ትግባረ ምምልካት ዶብ ከምዘዓንቀፈ እናተፈልጠ፡ ባይቶ ጸጥታ ሕ.ሃ. ኣብ ኩሉ'ቲ ዘካይዶ ዝጸበረ ኣኼባታትን ዘውጽኦ ዝጸበረ መግለጺታትን ኑቲ ቀንዲ ዕንቅፋት ዝኾነ ጉዳይ ንኺ ኣጸገዐ፡ ኣብ ጓል መገዲን ትርኪ ምርኪ ጉዳያትን እናሃወተተ፡ ንመኽበር ሕጊን ረጋጽ ሕጊን ብማዕረ ዝወቅስ ውሳነታት እዩ ዘሕልፍ ነይሩ፡፡ ሕሉፍ ሓሊፉ ኣብ 2006 ምስ ጉዳይ ዓቃብ ሰላም ዝተኣሳሰረ ጫሊዳ ኣርእስቲ ኣልዒሉ፡ ኣብ ልዕሊ'ታ ንኽብረት ስምምዓትን ግዝኣተ ሕግን ዝሞጎተት ኤርትራ ናይ እገዳ ውሳነ ንምሕላፍ ተደናዲኑ ምንባሩ ታሪኽ መዝጊብዎ ዘሎ ሓቂ እዩ፡፡



ጀነራል ካርልቶን ፉልፎርድ ብስም ምቅልጣፍ ምምልካት፡ ሕጋዊ ብይን ንምቕያር ዝተመዘዘ ኣመሪካዊ ልኡኽ



ኮምሽን ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን እምበኣር፡ እቲ ጸላኢ ዝኾነ ባይቶ ጸጥታ ስለዝጠለሞ፡ ኣብ ትሕቲ ኣገዳሲ ኣጸጋሚ ኩነታት እዩ ስርሑ ፈጺሙ፡፡ ምስ ኩሉ'ቲ ካብ ሕጋዊ መገዲ ክእለ ዝተጉብረሉ ጸቕጢን ልምሰት ባይቶ ጸጥታን ግን፡ እቲ ኮምሽን ኣብ ሕዳር 2007 ሕንጻጻት ናይቲ ዶብ ብመራኸቢ ነጥብታት እንተላይ ኣዕሩድ ዝትከሉ ደቂቕ ዝርዝራቱ ኣብ ካርታታት ኣስፊሩ፡ ንጉዳይ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ሓንሳብን ንሓዋሩን ሕጋዊ መኸተምታ ገይሩሉ፡ ስርሑ ብዓወት ዛዚሙ፡፡

ክቕትሉኻ ክብሉ ይቕልቱኻ ከምዝበሃል፡ ዶብ ኤርትራን ኢትዮጵያን ከም ውጽኢት ናይዚ ዝተጠቕሰን ካልእን ማእለያ ዘይብሉ ዕንቅፋታትን፡ ኑቲ ዕንቅፋታት ንምስጋር ብኮምሽን ዝተኻየደ ጻዕርን ምብልሓትን፡ ኣብ መወዳእታ፡ ኣብ ዝኾነ ኩርናዕ ዓለምና ካብ ዝርከብ ዶባት፡ እቲ ኣዝዩ ዝጸረ፡ ደቂቕ ዝርዝራትን መወከሲ ሕጋዊ ሰነዳትን ዘለዎ ዶብ ክኸውን በቒዑ፡፡ ታሪኽ ብተደጋጋሚ ከምዘረጋገጾ፡ ሓቂ ብዓለቕ ተቐቢሩ ክተርፍ ዝኽእል ኣይኮነን፡፡ ህዝቢ ኤርትራ ማህደር መኸተኡ ካብ ዝመሃሮ ተሞኩሮ ሓደን ዝዓበየን፡ ይሕጻር ይንዋሕ፡ ይጥዓም ይምረር፡ ኣብ መደምደምታ ሓቂ ከምዝዕወት እዩ፡፡

**ይቕጽል**

# ሓጺር ታሪኽ ኢንዱስትርያውን ዕዮኣውን ዝምድና ኤርትራ

ግርማይ ኣብርሃም

ታሪኽ ኢንዱስትርያዊ ዝምድና ኤርትራ ምስ ምምጻእ መግዛእቲ ኢጣልያን ምስኡ ዝሰዓበ ኢንዱስትርያዊ ምትእትታውን ተኣሳሲሩ ዝኸይድ'ዩ። ኢጣልያውያን ኣብ 1883 ኣብ ኤርትራ እግሮም ኣንበሩ። ኣብ 1890 ንኤርትራ ከም ግዝኣቶም ድሕሪ ምእዋጆም ድማ ኣብ ፈለማ 20 ክፍለ-ዘመን ኣብ ቴክኖሎጂ ዝተመርኮሰ ዕዮ ኣተኣታትዮም።


ግዝኣቶም ኣብ ቀርኒ ኣፍሪቃ ንምስፍሕፋሕን ተፈጥሮኣዊ ጸጋታት ንምጉሕጓሕን ቀዳማይ ዝወሰድዎ ስጉምቲ እንተ ነይሩ ድማ ምህናጽ ጽርግያ፡ መገዲ ባቡር፡ ሓይሊ ኤለክትሪክን መራኸቢታትን ነበረ።

ኣብ 1909 ዝወጽአ ሕጊ መሬት፡ ንበዝሓት ኤርትራውያን ሰቡሕ መሬቶም ክገድፉ ኣገዲድዎምን ናብ ከተማታት ብምግዓዝ ድማ ጉልበቶም ብምሻጥ ሸቕለት ክእልሹ ደሪኽዎምን'ዩ። ዋላ'ኳ ዳርጋ ኩሎም ክበሃል ዝከኣል ሞያዊ ክእለት ዘይነበሮምን ናይ ጉልበት ሰራሕተኛታትን ይኹኑ፡ ማሕበራዊ ሓይሊ ዘቖሙ ቀዳሞት ሰራሕተኛታት ይጉብርዎ።

ዋላ'ኳ እቲ ዓያዩ ሰራሕተኛ ብኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ዝቖመ ይኹን፡ ኣብ 1903 ብቑ.181 ዝወጽአ ሕጊ ዕዮ ንኢጣልያውያን ሓለፋ ዝሀበ እዩ ዝነበረ። እዚ ኣዋጅ ሕጊ ዕዮ'ዚ፡ ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ኢጣልያውያን ሰራሕተኛታት ዓሊሙ ዝወጽአ ነበረ። እቲ ዝነበረ ኣብ ዓሌት ዝተመርኮሰ ዘይምዕሩይ ኣተሓሕዛ ዕዮ በዚ ዝስዕብ ሰንጠረጅ ክግለጽ ይከኣል'ዩ።

| ዓይነት ስራሕ | ክፍሊት ንኤርትራውያን | ክፍሊት ንኢጣልያውያን |
|---|---|---|
| ዓያዩ ጉልበት | 0.80 - 1.50 ሊረ | 6.00 ሊረ |
| ምንዳቕ | 1.20 - 2.00 ሊረ | 6.00 -10.00 ሊረ |
| ስራሕ ዕደና | 0.80 - 1.00 ሊረ | 5.00-10.00 ሊረ |

ንኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ኣብ 1905 ዝተሰልዐ ደሞዝ (ሚኒስትሪ ዕዮን ማሕበራዊ ድሕነትን (2016)፡ ገጽ 10)



ዕደና ኣብ ኤርትራ (ኣብ ግዜ መግዛእቲ)

ምምስራሕ ምዃዞን ኢንዱስትሪታት ገለ ካብኣተን ነበራ። ኣብቲ እዋን'ቲ፡ ኤርትራውያንን ኢጣልያውያንን ዝሰርሕሉ ዝነበሩ 2,198 ትካላት ነበራ። ኤርትራ እምበኣር መግዛእቲ ኢጣልያ የኽትም ኣብ ዝነበረሉ እዋን ብኢንዱስትሪ ዝሰጎመት ሃገር ኰነት።

እዋን መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ብጭቆናን ምምዛልን ልሉይ ነይሩ። ማሰል ምውዳብን ምእካብን ውጉድ ነበረ። ክፍሊት ንሰራሕተኛታት ከኣ ስሞዊ ነበረ። ትምህርቲ ክሳዕ ራብዓይ ክፍሊ፡ ንሱ'ኳ ኑዩም ንምምሕዳር ኢጣልያ ምእዛዛትን ተርጉምትን ዝበሉ ይፍቀድ ነበረ። ሞያዊ ብቕዓት ብዘመኮሮ እተጥርዮ እንተ ዘይኪይኑ፡ ብስሩዕ ትምህርቲ ዝወሃብ ኣይነበረን። እዚ ይኹን'ምበር፡ ዋላ'ኳ ዘይፍትሓዊ ኣተሓሕዛ ሰራሕተኛታት ይንበር፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ብምሕበር ኣንቢብ ኩሓሰቡን ብመጠኑን ብስወር ኣንቢብ ክውደቡን ኣኽኢልዎም'ዩ።

ዋላ'ኳ ብውዱብን ዝርግሐ ዝበርን ኣይኹኑ፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ብመገዲ ጥርዓናት ናብ ኣመሓደርቲ፡ ዘይምእዙዛት ንኣሰራሕትን ልኡም ንጥሪታትን ተቓውሞኦም ይገልጹ ሕጋጋት ዝሓሸ እንተ ነበረ፡ መግዛእቲ ምኻኑ ከይተርፎ ንወጻኢተኛታት ብቐንዱ ኸኣ ንኢጣልያውያን ቀዳምነት ዝሀበ ዝነበረ'ዩ። በዚ ኸኣ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ብመንጽር ሞያዊ ክእለትን ማሕበራቐጠባዊ ኩነታትን ምስ ኢጣልያውያን፡ የመናውያንን እንግሊዛውያንን ክነጻጸር ከሎ ኣብ ዝተሓተ ደረጃ ነበሩ።

እቲ ናብ ኩናት ዓለሙ ዝተተኸለ ኢንዱስትሪታት ናብ ኢድ ሓይልታት ኪዳን'ዩ ኣትዩ። በዚ ምኽንያት፡ እቲ ኣብ ዓሌታውነት፡ ምክፍፋልን ምዝመዛን ምርኩስ ገይሩ ዝተዳለወ ሕጊ ዕዮ ኑዩም ሽው ዝበሩ ናይ ሞያ ክእላታት ኢጣልያውያንን ጸጋታትን ንምምዝማዝ ንእኦም ብዝርብሕ መገዲ ዳርጋ ከም ዘለዎ'ዩ ቀጺሉ።

ኣብ 1922 ኣብ ትሕቲ ኣምበራጦርያዊ ኣዋጅ ቍ.1573፡ መንግስቲ ኢጣልያ ኢጣልያውያን ሰራሕተኛታት ኣብ ቦታ ስራሕ ከጓንፎም ንዝኽእል ሓደጋ መድሕን ዘረጋግጽ ሕጊ ኣውጺኡ። ብተወሳኺ፡ ኣብ 1935 መንግስቲ ኢጣልያ ብኣዋጅ ቍ.7076 ቤት ጽሕፈት ዕዮ (ኦ ፊቾ ዲ ላቮሮ) ብምቛም ብመጠኑ ንኤርትራውያን ኣብ ግምት ዘእተወ ሕጊ ኣውጺኡ። ኣብ 1935 ክሳዕ 1940 ኣብ ዝነበረ ዓመታት ሓያሎ ንዕዮ ዝምልከት ሕግታት'ኳ እንተ ወጽኡ፡ ንኤርትራውያን ዜጋታት ኣብ ጉዳይ ጥዕናኦምን ድሕነቶምን ውሕስነት ዝሀብ ኣይነበረን።

ኣብ 1935 ኢጣልያ ንኢትዮጵያ ካብ ዝወረረትሉ ዓመት ክሳዕ ብእንግሊዝ ተደፊኣ ዝወጽኣትሉ እዋን፡ ኑቲ ኩናት ክድግፍ ዓሊሙ ዝተሃንጸ ኢንዱስትሪን ትሕተ-ቕርጻን ብሰፊሑ ተኣታትዩ። እዚ፡ ምኽታም ንኸስፋሕፍሕ ምኽንያት ኰይኑ። ሓያሎ ዓበይትን ናእሽቱን ኢንዱስትሪታት ኣብ ዝተፈላለየ ሸነኻት ናይዛ ሃገር ተተኸላ። ናይ ዓለቡ ጫማን ነይሮም'ዩም።

ገለ ካብቲ ሓደት ዝተኸሰተ ተቓውሞታት፡ ኑቲ ዝነበረ ዓሌታዊ ኣድልዎ ዝቃወም'ዩ ነይሩ። ኣብ መስከረም 1935 ኣብ ከተማ ደቀምሓረ ዝተኻየደ ብዓበኢ ዝተሰኣደ ተቓውሞ ሰራሕተኛታት ሓደ ካብኡ'ዩ። እቲ ዝገርም ኑቲ ተቓውሞ ዝመርሖ ኤርትራዊት ሰበይቲ ዝተመርዓወ ኢጣልያዊ እዩ ነይሩ። እዚ እዋን'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ኤርትራውያን ሓያሎ ሓድግታት ዝበደሌ'ዩ። ቅድሚ'ዚ ፍጻመ'ዚ እውን ኣብ ከተማ ከረን ብ1930 ዘኻፈ ተቓውሞ ሰራሕተኛታት ነይሩ'ዩ። ሰራሕተኛታት ኣግሮ ኢንዳስትሪ ዒላበርዕድ፡ ብሰንኪ ኣብ ዝምድና ዕዮ ዝነበሮም ጠለብ ናብ ኮሚሳርያቶ ከረን ዘቕረብዎ ጥርዓን ከኣ ነበረ።

ድሕሪ ውድቀት መግዛእቲ ኢጣልያ፡ ምምሕዳር እንግሊዝ'ዩ ሰዒቡ። ኣብ ድሕነትን ጥዕናን ናይ ስራሕ ውዕልን ካልእን ዘተኩረ ሓያሎ ሕጊ ንዕዮ ዝምልከት ሕጋጋት ከኣ ወጺኡ። ዋላ'ኳ ካብቲ መግዛእቲ እንግሊዝ ዝኣውጆ ዝነበረ ኩነታት'ዩ ኣጣጢሑሎም። ሰራሕተኛታት ብደረጃ ትካል ክውደቡ ክኢሎም፣ ንዜጋታት ናይ ትምህርቲ ዕድላት ተኸፊቱ፣ ዋላ'ውን ናይ ምክፍፋል ዕላማ ሒዙ ዝተበገሰ ይኹን፡ ማሰል ምዝራብን ምቛም ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ተፈቒዱ'ዩ።

ቀረብን ጠለብን ምግቢታትን ካልእ ሃላኺ ነገራትን ብሰንኪ እቲ ዝተኻየደ ኩናት ተገናዲቡ ብምንባሩ፡ እዚ ንምፍኳስ ከም ፋብሪካ ዘይቲ፡ ክርቢት፡ ሳሙናን ወረቐትን ዝኣመሰለ ትካላት ተኸፊተን። እዚ ይኹን'ምበር ኑቲ ዝተኸሰተ ጸገም ዝጸግን ኣይነበረን። ሓያሎ ትካላት ስራሐን ደው ብምባለን፡ 14 ሽሕ ዝኣኽሉ ሰራሕተኛታት ካብ ስራሕ ተሰናቢቶም። ዓሰርተ ሽሕ ዝኣኽሉ ኢጣልያውያን ሰራሕተኛታት ድማ ናብ ዓዶም ክምለሱ ተገዲዶም።

ዋጋ ሃለኽቲ ኣቕሑ ብ600% ንዚሩ። በንጻሩ ወሰኽ ደሞዝ ብ60% ጥራይ ዓብዩ። ብሓፈሻኡ መነባብሮ ሰራሕተኛታት ካብ ዝኸፍአ ናብ ዝበኣሰ ወዲቑ።

እዚ ዝያዳ ዘበኣሶ ኸኣ ምምሕዳር እንግሊዝ ቀቅድሚ ንኤርትራ ለቒቑ ምኻዱ ኑተን ዝነበራ ኣገደስቲ ቀጠባዊ ትካላት ብምብንቋር፡ ናብ ዝተፈላለያ ሃገራት ሸይጡወንን ኣግዒዙወንን። መዓልታዊ 1000 ቶን ተፍሪ ዝነበረት ፋብሪካ ስሚንቶ ናብ ሱዳን፡ ኣብ ወደብ ዝዓያ ዝነበራ ዓበይቲ ክሬናትን ኢጋንእ ኑዓድን ናብ ግብጽን ማልታን መሸጊ መራኽብ ዝነበረ ኸኣ ናብ ፓኪስታን ከም ዝሸየጥ ገይሩ። ኣብ ኣስመራ፡ ጉራዕ፡ ጊንዳዕን ማይ ሓባርን ዝነበረ መኽዘናት ከኣ ናብ ዘይተፈልጠ ቦታታት ተወሲዱ። በዚ ምኽንያት'ዚ፡ ብዙሓ ዝበሮም ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ስእነት ስራሕ ናብቲ ዝበሩሉ ገጠራት ብምምላስ ናብራ ዓኻይ ክነብሩ ጀመሩ።

ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብ መዓሸጊ መራኽብን ባቡር ምድርን ዝበሩ ሰራሕተኛታት ተዛማዲ ዝሓሸ ውዕላት



ሞያውያን ተጋደልቲ ኣብ ሓራ መሬት ኤርትራ

| ዓይነት ስራሕ | ክፍሊት ንኤርትራውያን | ክፍሊት ንወጻእተኛታት |
|---|---|---|
| ዓያዩ ጉልበት | 1/ንመዓልቲ | 6/ንመዓልቲ |
| ስራሕ ቤት ጽሕፈት | 40/ንወርሒ | 150/ንወርሒ |
| ኣወሃሃድትን ተቘጻጸርትን ስራሕ | 60/ንወርሒ | 200/ንወርሒ |

ሓድሽ ኣከፋፍላ ደሞዝ ብሕጊ ዕዮ ምምሕዳር እንግሊዝ ኣብ 1942 (ሰሎሞን ድራር (ዘይተሓትመ)፡ ገጽ 202)

እዚ ይኹን ደኣ'ምበር፡ ምምሕዳር እንግሊዝ ንኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ተዛማዲ ምሹእ ስራሕ ስለ ዝነበሮም፡ ኣብ 1949 ዘካየድዎ ተቓውሞ ወይ ኣድማ ኣብ ኢንዱስትርያዊ ዝምድና ካብ ዝተኸሰተ ተጠቃሲ ታሪኽ ይጉብሮ። ኣብ መዓሸጊ መራኽብ ወደብ ባጽዕ ዝሰርሑ ዝነበሩ ሰራሕተኛታት ብሰንኪ ክዘሕል ጀሚሩ ዝነበረ ስራሕ ወደብ ኣብ ዓቢ ቀጠባዊ ጸገም ወዲቖም ነበሩ። ኣብ ርእሲ'ዚ፡ በቲ ምስ መንግስቲ ሰራሕተኛታት ዝነበሮም ዘይምዕሩይ ኣከፋፍላ ደሞዝ ሕጉሳት ኣይነበሩን።

ብዘይካ'ዚ፡ ሰራሕተኛታት ባቡር ምድሪ ጠለብ ወሰኽ ደሞዝ ብምልዓል ዘካየድዎ ኣድማ ካብቲ ንመጉዓዝያ ባቡር ምድሪ ንሸዱሽተ ሰሙን ምሉእ ደው ዘበለ ተቓውሞ'ዩ። ሕቶኦም ክምለሰሎም ድማ ክኢሉ።

ካብ 1952 ክሳዕ 1961 ኣብ ዝነበረ ዓመታት፡ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ቃልሶም እናኣሓየሉ መጺኦም። ሕጊ ዕዮ 1958 ኣብ ግብሪ ክውዕል ኤርትራውያን ከኣ ማዕረ መሰላት ስራሕ ንኽረኽቡ ዓቢ ግደ ተጻዊቶም። ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ኣብዚ ግዜ'ዚ፡ ኣብ ማሕበራዊ ጉዳያትን ዛዕባታት ዕዮን ኣድማ ክሕውሱሉ ዝጀመሩ እዩ ዝነበረ።

ኤርትራ ብፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ኣብ ዝተቖርነትሉ ኣብ 1952 ሓድሽ ማሕበር ምንቅስቓስ ኤርትራውያን ማሕበር ሓርነታዊ ስምረት ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ብዝብል ስም ተመስሪቱን ቀዳማይ ጉባኤኡ ኣቃኒዑን። ኣብ ካልኣይ ጉባኤኡ እቲ ማሕበር ቅዋም ኣጽዲቑ። እቲ ማሕበር ኣብ ቅዋሙ፡ ካብ ፖለቲካውን ሃይማኖታውን ጸግዒ ሓራ ምዃኑ፡ ንሓድነት ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት፡ ናይ ስራሕ፡ ናይ ስልጠናን ካልእን መሰላቶም ደው ከም ዝብልን ገሊጹ።

እዚ ይኹን'ምበር፡ እዚ ማሕበር'ዚ ነዊሕ ከይከደ ኣብ ካልኣይ ዓሙቱ ተቘጺዩ። ገለ ካብ ሓለፍቱን ኣባላቱን ከኣ ተኣሰሩን ተኸሳቢቶም። ኣብ ልዕሊ ፕረዚደንት ናይ'ቲ ማሕበር ኰይኖም ዝተመርጹ ሓርበኛ ወልደኣብ ወልደማርያም ዝተኻየደ ፈተነ ቕትለት ከኣ ሓደ ካብኡ'ዩ። እዚ ማሕበር'ዚ፡ ቀዳማይ ዓመቱ ኣብ ዝጸንበለሉ እዋን ክሳዕ 10,000 ዝኸውን ህዝቢ ተኣኪቡ ምንባሩ ይፍለጥ። እዚ ንመንግስቲ ሃይለስላሴ ባህ ዘብሎ ኣይነበረን። ንኤርትራውያን ግና እግሪ መገዶም ተሃን ሃገራውነቶም ዘውጽኡሉ ኣጋጣሚ'ዩ ዝነበረ።

ዋላ'ኳ ቀጠባዊ ጸገማት የጓንፍ እንተ ነበረ፡ ካብ 1951 ክሳዕ 1953 ዝነበረ ዓመታት ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ተዛማዲ ናጽነት ዘስተማቐሩሉ እዋን'ዩ ነይሩ። ሓያሎ ኣድማታት ተኻይዱ፣ ሓባራዊ ውዕላት'ውን ተፈሪሙ። ኣብ 1951 ብናይ ጽሬት ሰራሕተኛታት ምምሕዳር ከተማ ኣስመራ ዝተኻየደ ናይ ወሰኽ ደሞዝ ኣድማ፡ ኣብ 1952 ዝተኻየደ ኣብ ወሰኽ ደሞዝን ምምሕያሽ ኩነታት ስራሕን ዘተኩረ ጠለብ ሰራሕተኛታት ወደብ ባጽዕን ፋብሪካ ጨውን፡ ብሰራሕተኛታት መሕረዲ ጥራት ዝተጻውዐ ጠለባት ምፍታሕ መሬሕቲ ማሕበራቶም ካብ ማእሰርቲ ገለ ካብቲ ኣብ መንቀሳቕሒታ ኤርትራውያን ሰራሕተኛታት ግደ ዝነበሮ ክስተታት ነበረ።

እዚ ይኹን'ምበር ነገራት እናበኣሰ'ዩ ከይዱ። ፌደረሽን ምስ ኢትዮጵያ ፈሪሱ ኤርትራ ኣካል ግዝኣት ኢትዮጵያ ምዃና ተኣዊጁ። ኤርትራ ዝነበራ ናይ ፌደራል መሰል ተመንጢሉ።

ካብ 1962 ክሳዕ 1974 መንግስቲ ኢትዮጵያ ኣዋጅ 26/62 ብምድንጋግ ሚኒስትሪ ኮማዊ ልምዓትን ማሕበራዊ ጉዳያትን ኣቕሙ። ንዕዮን ማሕበራዊ ጉዳያትን ከኣ ኣብ ክልተ ክፍልታት መቒልዎ። ንምሕደራ ዕዮ ኣብ ዝምልከት ሓያሎ ሕግታት ወጺኡ'ዩ። ከም ውጽኢቱ ኸኣ ኣገልግሎት ሸቕለት፡ ምቍጽጻርን ዝምድናታት ዕዮን ከም ኣካል ስርዓት-ምሕደራ ዕዮ ክቕልቀል ጀሚሩ።

ስርዓት ደርግ ኣብ 1974 ብዕልዋ ስልጣን ምስ ሓዘ ሓድሽ ሕጊ ዕዮ 85/75 እዩ ኣጽዲቑ። ዋላ'ኳ እቲ ሕጊ ብዙይ ብዙሕ ለውጢ ከምጽእ እንተ ቐጸለ ኣሰራሕቲ ዝነበሮም ማሰል ውዳብን ምምስራት ማሕበርን ተመዝዚዮም። ኩለን ትካላት ብሕቲ ኣብ ትሕቲ መንግስቲ ከም ዝኣትዋ ተገብረ። ሰራሕተኛታት ከኣ ኣካል እቲ ኣብ ስልጣን ዝነበረ ማሕበርነታዊ ሰልፊ ኰይኖም።

ናብ 2ይ ገጽ ይቕጽል






ውዳባታት ኤርትራውያን ኣብ ሃገራት ወጻኢ

# ምልክታ

ናጽነት ደስበለ - ሓበን ገብረኣምላኽ - ሳምራዊት መለስ

## ቤት-ፍርዲ ዞባ ማእከል ኣስመራ

ብፍ/በ/መሳል ሚኪኤል እስቲፋኖስ፡ ብፍ/በ/ዕ ወረ/ኹ/ዞሚከኤል ክብርኣብ ኣብርሃት ዞሚከኤል+9 ንፈጽሚ ዝምልከት ኣብ ልዕሌኹም ክሲ ኣቕሪቡ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን19/5/23 ኣብ 1ቤ/ፍ 1መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ወ/ት ሳራ ዑመር ናስር፡ ተጸዋዒት ወ/ሮ ዓሻ ዓብደርሕማን ሓጎስ፡ ንውክልና ምስራዝ ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱልኪ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን30/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37ቅረቢ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣኽበረት ጉብርኣብ ምባል ተረፉ፡ ሽዊት ጉብረኣብ ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ትርሓስ ነጋሲ ብርሃ፡ ተጸዋዒ ኣቶ መድሃኔ ሚካኤል ንናይ ሞግዚትነት ዝምልከት ፋይል ተኸፊቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን11/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 3ይ መጋባእያ ቁ.37 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ኣስመረት ክፍለ ሃሳሽት፡ ስም በዓል ቤተይ ማሕሩ የውሃንስ እማን ምባል ተረፉ፡ ማሓሪ የውሃንስ እማን ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 2ይ መጋባእያ ቁ.35 ይቕረብ፡፡

ኣብ መንጎ የዲት ይሕደጎ ወልደስላሴ፡ ተጸዋዒት ሚካል የናስ ይሕደጎን ዘሎ ናይ ሞግዚት ክርክር፡ ተጸዋዒት ኣድራሻኣ ስለዘይተፈልጠ፡ ብጋዜጣ ሓዳስ ኤርትራ ተጸዊዓ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ትቕረብ፡ እንተዘይቀሪባ፡ ጉዳያ ኣብ ዘየላትሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

ማካ ሓሰን ኣደም፡ ስም ኣደይ ሰዒዳይ መሓመድ ብርሃን ምባል ተረፉ፡ ሳዕዱ መሓመድብርሃን ዓብደልቓድር ተባሂሉ ይተኣረመለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 6ይ መጋባእያ ቁ.41 ይቕረብ፡፡

ኣማኑኤል ተስፋይ፡ ተጸዋዕቲ ወ/ሮ ሙብራት ተስፋሚካኤል +1 ንውክልና ዝምልከት ክሲ ተመስሪቱ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ 1ይ መጋባእያ ቁ.32 ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኪ፡ ጉዳይኪ ኣብ ዘየለኽሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማእከል ከተማ

ከሳሲ ወረ/ኹ መሓመድኑር ኢብራሂም፡ ተኸሳሲ ኣቶ ፊልሞን መሻሾ፡ ክሲ ቀሪቡልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን16/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ማይ ተመናይ

ኣቶ ኣማን ነገደ ጉብሱ፡ ኣቦና ነገደ ጉብሳ ተማኡ ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 4 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ ምስየና ቦኽረጽዮን ምሕጹን፡ ኣቦይ ቀሺ ቦኽረጽዮን ምሕጹን ገዛበን ኣደይ ዝፋን ኣርኣያ ዓንዱን ስለዝዋረፉ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ኣቶ እስራኤል ኣሰፋው፡ ዓባየይ ህይወት ገ/እየሱስ ደሞዝ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዕዳጋ ሓሙስ

ኣቶ ሙሉጌታ ብርሃነ ተስፋሚካኤል፡ ኣደይ ጸሃይቱ ሃይለ ተስፉ ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ምስ 6 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ማርታ ብርሃኑ ሞላ፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሳምሶም ተወልደ ኣብርሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን26/5/23 ቅረብ፡ እንተዘይቀሪብካ፡ ጉዳይካ ኣብ ዘየለኻሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ኣኽርያ

ወ/ሮ ህይወት ብርሃነ ምራጭ፡ በዓልቤተይ ቀሺ ጉብረንጉስ ሃይለ ዓርከ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 3 ህሉዋት ደቅና 1 መዋቲ ተተኪኡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን18/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ለተንስኤ ሙሴ፡በዓል ቤተይ ኣቶ ጼጋይ ሰለሙን ወልደሚካኤል ስለዝተሰወአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 6 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን29/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ወ/ሮ ሳዕዳ ዑቕባኻደር ካሕሳይ፡ ተኸሰስቲ ወረ/ኹ ዓብደልሓይ መሓመድኑር በዓልቲ ቤቶም ወ/ሮ ሙብራት ዓብደላ መሓመድኑር፡ ብዕለት 5/6/2014 ዝገበርናዮ ሕጋዊ ውዕል መሸጣ ማኪና ዓይነታ ኣይሱዙ ናይ ጉዑ ቁ.ሰሌዳ ER1-12080፡ ቁ/ቻሲ HJ7100189፡ ስርሓት ጃፓን ሽየጦምልና ናብ ስምና ስለ ዘይተመሓላለፈት፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን20/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገዛ ባንዳ

ኣብ መንጎ ከሳሲ ንጉሰ ክፍለማርያም ተወልደ፡ ተኸሳሲ ዳኒኤል ጉብረስላሴ ርእሶም፡ ናይ ስም ምትሕልላፍ ክሲ ቀሪቡ ስለዘሎ፡ ተኸሳሲ ኣድራሻኡ ስለዘይተፈልጠ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን29/5/23 ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ጉዳዩ ኣብ ዘየለወሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ገጀረት

ወ/ሮ ጸገሮማን ሃይለሚካኤል ዘወልዳይ፡ በዓልቤተይ የሴፍ ኣብርሃ ገርግሽ ስለዝዋረፈ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 8 ደቅና ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ሰምበል

ወ/ሮ ዴታ ተኽለ የውሃንስ፡ ኣደይ ሂወት የውሃንስ ወልደእግዚኣብሄር ስለዝዋረፈት፡ ኣነ ጥራይ ወራሲት ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ እዚገዛርያ ኣብርሃም ሰመረ፡ በዓልቤተይ ተጋ/ከርሮስ ተወልደ ሃብቱ፡ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 7ደቅና ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን26/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጉዳይፍ

ኣቶ ምስየና ጆርጆርቅ ተኽለኣብን ወ/ሮ ሂወት ተወልደ ምሓሰን፡ ጓልና ሩፍታ ምስየና ጆርጆርቅ ስለዝዋረፈት፡ ንሕና ጥራይ ወረስታ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበሉ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ወ/ሮ ዛይድ ተስፉ ኣማን ብወኪል ወ/ሮ ብርኽቲ ኣብርሃ ኣቢሉ፡ በዓል ቤተይ ኣብርሃ መሃዝል ጉብረማርያም ስለዝተሰውአ፡ ንዓይ ናይ መጻምዲ መሰለይ ይተሓለወለይ፡ 5 ደቁ ድማ ወረስቲ ምዃናም ይረጋገጸሎም ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን25/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

ከሳሲት ርሻን ሃብተ ዓንደሚካኤል፡ ተኸሳሲ ኣቶ ሰለሙን ርእሶም ፍስሃ፡ ናይ ሓዳር ክሲ ተመስሪቱልካ ስለዘሎ፡ ብኣካል ወይ ብሕጋዊ ወኪል ን25/5/23 ቅረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ጻዕዳ ክርስትያን

ኣቶ ተስፋልደት ዑቕባሚካኤል ተሰማ፡ ኣቦይ ዑቕባሚካኤል ተሰማ ኢማም ስለዝዋረፈ፡ ኣነ ምስ 3 ኣሕዋተይ ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን31/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ ዓዲ ኳዕዳድ

ወ/ሮ ይሕደጋ ሰዩም ተስፋይ፡ ወደይ መድሃኔ እዮብ ሰመረ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ጥራይ ወራሲቱ ምዃነይ ይረጋገጸለይ ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን30/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መርሓኖ

ከሳሲት ግደይ ሃብተ ጉይትኦም፡ ተኸሰስቲ 1.ግደይ ጉብረሂወት ሃይለ 2.ወረ/ኹ ወ/ሮ ኣበባ ሃይለ 3.ኣልማዝ ጉብረሂወት ሃይለ 4.ጉቱ ጉብረሂወት 5.መድሃኔ ጉብረሂወት ሃይለ 6. በረኸት ጉብረሂወት ሃይለ ብውርሲ ናይ ኣቦኹም ነፍ/ሄር ጉብረሂወት ሃይለ ተኸሰስኩም ስለዘለኹም ን1/6/23 ኣብ ቤ/ፍ ቅረቡ፡፡ እንተዘይቀሪብኩም፡ ጉዳይኩም ኣብ ዘየለኹምሉ ክረአ ምዃኑ ንፈልጥ፡፡

## ኮማዊ ቤት-ፍርዲ መንደፈራ ን/ዞባ ዓዲ ቐይሕ

ወ/ሮ ኣበባ ሓጎስ እማን፡ በዓልቤተይ መኮንን ጉብረትንሳኤ ስለዝተሰወአ፡ ኣነ ምስ 9 ደቅና ኣብ ዝንቀሳቐስ ይኹን ዘይንቀሳቐስ ንብረት ወረስቲ ምዃንና ይረጋገጸልና ስለዝበለት፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ን22/5/23 ኣብ ቤ/ፍ ይቕረብ፡፡




ሓበሬታ

ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ

ኩሉ መዳያዊ ሓቅታት ኤች.ኣይ.ቪ. ንምፍላጥ ናብ ሃገራዊ ማሕበር ብድሆ ኤርትራ ኣገልግሎት ምኽሪ ብተሌፎን ደውሉ።

ሰዓታት ስራሕ ካብ ሰኑይ ክሳብ ዓርቢ ንግሆ 8፣00-12፡00 ቅ.ቀትሪ ምሸት ድማ ካብ 2፣00 – 6፡00 ድ.ቀትሪ ብቁ. ስልኪ 110179 ደውሉ።

ቁ.ሳ.ፖስጣ 5537፣ E-Mail; bidhonational@gmail.com

ስቕታ ጎዳኢ እዩ ደውሉ ብዛዕባ ኤች.ኣይ.ቪ. ብግልጺ ንዘራረብ!!!



BASIC

ENGLISH -TIGRIGNA DICTIONARY

ኣገዳሲት መዝገበ-ቃላት

መሰረታዊት

እንግሊዝኛን - ትግርኛን መዝገበ ቃላት

እንግሊዝኛን ትግርኛን ንኽንመልኽ፡ ኑቶም ኣዘውቲርና ንጥቀመሎም ቃላት ትርጉም ምስ ኣደማምጽኡ ከምኡ'ውን ሓደ ቃል ኣብ ምሉእ ሓሳባት ብኸመይ ከም ንጥቀመሉ ብእንግሊዝኛን ትግርኛን ብዝቀልለን ዝበለጸን ኣገባብ ተዳልያ ኣብ ዕዳጋ ቀሪባትልኩም ኣላ።

ንዝያዳ ሓበሬታ፡ 07151337ወይ 07121623ተወከሱ።

ብተወሳኺ መሰረታዊ ትምህርቲ

ሰዋስው ቛንቛ እንግሊዝ
Basic Grammer

ዝርርብ ብቛንቛ እንግሊዝ
Basic English Conversation

ሕጡብ-ጽሑፋትን ምስላታትን
Paragraphs and Proverbs

ኣጸሓሕፋ ደብዳበን
Letter and CV writing

መዓልታዊ ኣርእስታት
Everyday Topics

መላመዲታትን
Workbook

ካልእን ተጠቃልል።





ኣመልካቲት ወ/ሮ ሂወት ምስየና ሃይለ ዝተበሃልኩ፡ ብስመይ ዝተመዝገበ ገዛ ኣብ ኣስመራ ሓዱሽ ዓዲ ዝርከብ ብቁጽሪ ካርታ ወረቐት 119726 መወከሲ ቁጽ.108772 ጎደና 134- ቁ.ገዛ 49 ናብ ኣቶ ኣቤል ከሰተ ጉብረትንሳኤ ብውህበቶ ከመሓላልፎ ስለዝደለኹ፣ ዝቃወም እንተሎ፡ ኣብ ውሽጢ ሓደ ወርሒ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ ናይ መአገዲ ትእዛዝ ናብ ቤት ጽሕፈት ፓብሊክ ኖታሪ ወይ'ውን ናብ ቤት ጽሕፈት ሃገራዊ ካዳስተር የቕርብ፡፡

ኣመልካቲት ወ/ሮ ሂወት ምስየና ሃይለ

ኣብ ዞባ ደቡብ ን/ዞባ ከተማ ዓዲ ቐይሕ ብምስክር ወረቐት ቁ.500731 መወከሲ ቁ.500731/500732፡ ብሎክ (ፓርሰል) 20 ስፍሓት መሬት 198.66 ት/ሜ፡ 5ተ ቀንዲ ክፍሊ 2ተ ተሓጋገዝቲ ክፍሊ ብስም ወ/ሮ በላይነሽ ገብሰው ጉብረ ዝተመዝገበ ስለዝዓደኩዎ'ሞ ናብ ስመይ ከመሓላልፎ ስለዝኸኹ፡ ዝቃወም እንተሃልዩ ካብ ዝምልከቶ ቤት ፍርዲ መአገዲ ወይ'ውን ይግባይ ተባሂሉ እንተኳይሩ ውሳኔ ሒዙ ኣብ ውሽጢ 30 መዓልቲ ናብ ምምሕዳር ንኡስ ዞባ ዓዲ ቐይሕ ይቕረብ፡ እንተዘይቀሪቡ፡ ብዘለኒ ኦርጂናል ደኩመንት ጉዳየይ ክውድእ ምዃነይ እሕብር፡፡

ኣቶ ተስፋሚካኤል ኪዳነ

# ስፖርት

ሙሴ ገ/እግዚኣብሄር

## ሃገራዊ ውድድር 'ሲንየር' ኣትለታት ተዛዚሙ





ካብ 28 ክሳብ 30 ሚያዝያ ኣብ ስታድዩም ኣስመራ ክካየድ ዝቖየ ሃገራዊ ውድድር ትራክን ፊልድን ዓበይቲ ኣትሌታት ተዛዚሙ።

ኣብቲ ውድድር፡ ካብ ኩለን ዞባታትን ሚኒስትሪ ምክልኻልን ዝተዋጽኡ ዓበይቲ ኣሎምፒካውያንን ተኳእቲ መንእሰያት ኣትሌታትን እዮም ተሳቲፎም። ብድምር ወጽኢት ክኡ ደቂ-ኣንስትዮ ኣትሌታት ዞባ ማእከል ሽዱሽተ ወርቂ ሽውዓተ ብሩርን ሓሙሽተ ኑሓስን መዳልያታት ክጠልጥላ እንከለዋ፡ ኣብ ናይ ደቂ ተባዕትዮ ድማ፡ ኣትሌታት ክለብ ደንደን ሚኒስትሪ ምክልኻል ሽውዓተ ወርቂ ሽውዓተ ብሩርን ኣርባዕተ ኑሓስን መዳልያታት ተዓዊቶም። እዞም ዓቢላቶት ዘርእዩ ኣትሌታት ኽፍሲ-ወከፎም ተሸለምቲ 15 ሽሕ ናቕፋ ኮይኖም።

በዚ መሰረት፡ ኣብ 100 ሜትር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ናኦሚ የናይ፡ ፈሩዝ ዓንደምን ሚሪ በርሀን ካብ ማእከል ክዕወታ እንከለዋ፡ ብደቂተባዕትዮ - ሴም ሙልጌታን ሙሴ ኣርኣያን- ደንደን፡ ናትናኤል ኤፍሬም- ማእከል ጸብለል ኢሎም።

ኣብ 200 ሜትር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ሰላም ኣሹብር- ደንደን፡ ሶልያና ገብርሂወትን ቅሳነት ፍሰሃየን ማእከል ክዕወታ ከለዋ፡ ሴም ሙልጌታ-ደንደን፡ ናትናኤል ኤፍሬም-ማእከል፡ ተኸለ ብርሃ- ደንደን ብደቂ ተባዕትዮ ዕዉታት ኒይሮም።

ብዘይካ'ዚ፡ 400 ሜትር ደቂ ኣንስትዮ፡ ሉልያ በርኸት-ደቡብ፡ ቅሳነት ፍስሃየን ሚካል ዑቕባይን - ማእከል፡ ብደቂ ተባዕትዮ ከኣ፡ ነዊል ፍጹምን ብስራት ፍሰሃየን - ማእከል፡ ንፍታሌም ኣማኑ- ዓንሰባ ፖደዩም ደይቦም። ኣብ ተመሳሳሊ ርሕቀት (400 ሜትር መሰናኽል) ብደቂ ተባዕትዮ፡ ሄርሞን ኢያሱ፡ ዑመር ሓሰንን ሓበን ፍጹምን - ደንደን ተዓዊቶም።

ኣብ 800 ሜትር፡ ብተኸታታሊ ኣልማዝ ክፍሎም- ደቡብ፡ ኣስቴር ይባበን ፊሸን ተስፋማርያምን ማእከል፡ ኣማኑኤል ግርማይ- ደንደን፡ ነዊል ፍጹም-ማእከል፡ ጉብረዝጊ ዳኑ- ደንደን ጸብለል ኢሎም። ኣብ 1500 ሜትር ደቂ-ኣንስትዮ ከኣ፡ ኣስቴር ይባበን ፊሸን ተኸለማርያምን - ማእከል፡ ኣልማዝ ክፍሎም - ደቡብ፡ ኣማኑኤል ግርማይ - ደንደን፡ ሄርሞን ጉብረብርሃንን ዳዊት ሰዓረን - ማእከል ዕዉታት ኒይሮም።

ኣብ 3000 ሜትር መሰናኽል ደቂ-ኣንስትዮ፡ ገጸሃ ንገሰን የርዳኖስ ሃይለስላሰን ክልቲኣን ካብ ደንደን፡ ኣብ ደቂተባዕትዮ ከኣ፡ በርኸት ቴድሮስ - ደቡብ፡ መኮንን ኣርኣያ - ደንደን፡ የሰፍ ኣደም - ጋሽ ባርካ ተዓዊቶም።

ኣብ 5000 ሜትር፡ ኣሎምፒካዊት ኣትሌት ራሄል ዳንኤል - ማእከል፡ ሮቤ ሃብተስላሴ -ደቡብ፡ መዚት ተስፋይ - ደንደን፡ ዓብድረዛቕ ሰሌማን - ዓንሰባ፡ ዓወት ሃብቱ - ደቡብ፡ ዳኒኤል ገብሩ - ማእከል ብኸልቲኡ ጾታ ተዓዊቶም።

ኣብ 10 ሽሕ ሜትር ደቂ-ኣንስትዮ፡ ገጸሃ ንገሰ - ደንደን፡ ሮቤ ሃብተስላሴ - ደቡብ፡ መዚት ተስፋይ - ደንደን ጸብለል ክብላ ከለዋ፡ ዓብድረዛቕ ሰሌማን - ዓንሰባ፡ ናሆም ኣርምያስ - ጋሽ ባርካ፡ ፊልሞን ክብሮም - ማእከል ተመራሪሖም ተዓዊቶም።

ብዘይካ'ዚ፡ ወድድር፡ ዳርባ ጭማራን ዓረር፡ ከምኡ'ውን ዝላ መሬትን ልዕለትን እውን ነይሩ እዩ። ብዘወሳኺ፡ ናይ 400 ብ 100ን 400 ብ 400ን ናይ ምቅብባል በትሪውን (Relay)፡ መሳጢ ውድድር ኣብ ስታድዩም ኣስመራን ሜዳ ቤት-ትምህርቲ ሓፈሻዊ ካልኣይ ደረጃ ቀይሕባሕርን ተኻይዱ እዩ። ዕዉታት ኣትሌታትን ጋንታታትን ከኣ፡ ዝተዳለወሎም - ዋንጫ፡ መዳልያን ገዝዘብን ሽልማታት ካብ ዝተፈላለዩ ሓለፍትን ዕዱማት ኢጋይሽ እቲ ሃገራዊ ውድድርን ተቐቢሎም።

ኣብዚ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ጸቡቕ ተወዳዳርነት ዝተንጸባረቐሉ ውድድር፡ ሓደሽ ሃገራዊ ክብረወሰን ተሰኢሩ እዩ። ዞባ ሰሜናዊ ቀይሕባሕሪ ብደረጃ ጋንታ ድሕሪ ናይ ዓመታት ብኩራት ናብ ውድድር ምምላሳ፡ ኣትሌት ክለብ ደንደን ገጸሃ ንገሰ ኣብ ውድድር 3000 ሜትር መሰናኽል ንዋይሕ ዓመታት ብኣትሌት ዞባ ደቡብ ዝበረት ሉተብርሃን ጉብረኣማን ተታሒዙ ዝነበረ ሃገራዊ ክብረወሰን ምምሕያሻ፡ ከምኡ'ውን ትስፋው ኣትሌት ዞባ ዓንሰባ ዓብድረዛቕ ሰሌማን ኣብ ውድድራት ሓሙሽተን ዓሰርተን ሽሕ ሜትሮ ምዕዋቱ፡ ነቲ ሃገራዊ ውድድር ብፍሉይነት ዘጥቀሶ ምንባሩ፡ ህዝባዊ ርክባት ሓቢሩ።

## ሓጸርቲ ዜናታት

* ኣብዞ ወቕቲ ኣብ ኩሉ ውድድራት፡ ብሰንበት መበል 50 ሸቶኡ ዘመዝገበ ዓርሞሸሽ ኣጥቃዓይ ማን ሲቲ - ኤርሊንግ ሃላንድ፡ ተወሳኺ ሓዲሽ ወዕል ክፍርም ኣብ ዝርርብ ከምዝሎ ተቓሊሑ። እዚ ወዲ 22 ዓመት ኖርዌጃዊ ተጻዋታይ፡ ክሳብ 2027 ዘጸንሕ ውዕል እኳ እንተሃለዎ፡ ተወሰኽቲ ክልተ ዓመታት ክፍርም እዩ ድሮ ዝርርብ ጀሚሩ ዘሎ። ሃላንድ፡ ካብ 32 ናይ ሊግ ግጥማት 34 ሸቶታት ብምቑጻር፡ ወርቃዊት ጫማ ንምዕታር ተቓሪቡ ኣሎ።

* ናይ ክንፊ ተኸላኻሊ ኢንተር ሚላን ሮቢን ጎሰንስ፡ ብሰንኪ ኣብ መንከቡ ዘጋጠሞ መጕዳእቲ ንብርክት ዝበሉ ግጥማት ካብ ሜዳ ክርሕቕ ምዃኑ ተቓሊሑ። ኢንተር ኣብ ልዕሊ ላዝዮ 3-ብ1 ክትዕወት ንኻልኣይቲ ሸቶ ዘመዝገበ እዚ ጀርመናዊ፡ ሸቶኡ ንምጽምባል ኣብርባት ኣብ ዝበረሉ እዩ መንከቡ ተዛሲዩ።

## ደንደን ነጥቢ ኣጥፊኣ

ሻምፕዮና ሱፐር ዲቪዥን 'ኤ' ኩዕሶ እግሪ ዞባ ማእከል ብሰንበት ኣብ ዝቐጸለሉ፡ መራሒት ዞባ ደንደን ነጥቢ ኣጥፊኣ።

ኣልታሕረር ኣንጻር ኩባንያ ሰገን ብዘተኻየደ ግጥም ዝፈለመ እዚ ውድድር፡ ሰገን እያ ኣብ መበል 11 ደቒቕ ካብ ኣደም ፈረጅ ብዝረኸበታ ሸቶ መራሕነት ሒዛ። ኣልታሕረር ከኣ፡ ኣብ ኣጋ ዕረፍቲ ኣብ መበል 44 ደቒቕ ጴጥሮስ ሚካኤል ብዘመዝገቦ ሸቶ ተመዓራርያ ንዕረፍቲ ኣምሪሓ።

ሰዒበን ደንደንን ኩባንያ ሰምባልን እየን ተፋሊመን። ክንዮ ፈተነ ሸቶ ብዘይ ምምዝጋቡ ድማ፡ ሓደ ሓደ ነጥቢ ሒዘን ተፈላልየን። ሽልማት ብሉጽ ተጻዋታይ ከኣ፡ ተኸላኻሊ ኩባንያ ሰምባል ዓወት ተኪኤ ተቐቢሉ። በዚ ወጽኢት፡ ደንደን 13 ነጥቢ ሰምባል ከኣ ሓሙሽተ ነጥቢ ሒዘን ይርከባ።

ግጥማት ሻምፕዮና፡ ዝመጽእ ሓሙስ ኣዱሊስ ኣንጻር ዕዳጋ ሓሙስ፡ ቲራቮሎ ኣንጻር ማይተመናይ፡ ከምኡ'ውን ኣስመራ





ኣብ ካልኣይ እብረ፡ ተጻዋታይ ጋንታ ሰገን - ሰለሙን ጉብረማስቀል ካብ ርሑቕ ጽብቕቲ ሸቶ ብምቑጻሩ ደጊሞም መራሕነት ክሕዙ ክኢሎም። ይኹን እምበር፡ ኣብ መበል 87 ደቒቕ ካብ የናስ ሃይለ እተመዓራረ ሸቶ ብምርካብ 2-ብ2 ተፈላሊዮም። ኣከፋፋሊ ሰገን ሰለሙን ጉብረማስቀል ከኣ፡ ብሉጽ ተጻዋታይ ተባሂሉ።

በራ ኣንጻር ቀይሕ ባሕሪ ብዝካየዳኦ ግጥማት ክቕጽል እዩ።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ዋንጫ ናጽነት ግጥማት ኩዕሶ እግሪ ደቂ ኣንስትዮ እውን ብቐጻሊ ቀጺሉ ነይሩ። ኣብ'ቲ ክልተ ግጥማት ዝተኻየደሉ መዓልቲ፡ ፈለማ በርኸትን ጎዳይፍን ናይ መወዳእታ ግጥማት ኣካይደን። ጎዳይፍ ከኣ፡ ቅድሚ ዕረፍቲ ካብ ኢልሃም ዓብደልቃድር ብዝቖጸረታ ሸቶ 1-ብ0 ተዓዊታ። ብልጽቲ ተጻዋቲት ከኣ፡ ተኸላኻሊት በርኽ ሄርሜላ ገዙኢ ተባሂላ።

ግጥም ሰምባል ኣንጻር ኩባንያ ሰገን እውን ኣካል ናይ'ቲ ዕለት እዩ ነይሩ። እዘኣን'ውን ናይ መወዳእታ ግጥማት እየን ኣካይደን። ኣብዚ ግጥም፡ ኩባንያ ሰገን ብጠፈሕ 8-ብ0 ክትዕወት እንከላ፡ ኣባላ ቤተልሄም ዞርያስ ከኣ ብልጽቲ ተጻዋቲት ተባሂላ ተሸሊማ ክትብል ህዝባዊ ርክባት ጸብጺቡ።

### መደብ ጸወታ

**ፕሪመር ሊግ**

ኣርሰናል - ቸልሲ 10:00 ምሸት

**ላ'ሊጋ**

ባርሴሎና - ኦሳሱና 8:30 ምሸት

ሪያል ሶሴዳድ - ሪያል ማድሪድ 11:00 ምሸት

## ኣርሰናል - ቸልሲ

ብሰንኪ ናይ ጸጥታ ጉዳይ (ሓለዋ ፖሊስ) ካብ ቀዳም ምሸት ናብ ሎሚ ሰሉስ ዝተቐየረ ናይ ለንደን ደርቢ ጸወታ - ኣርሰናል ኣንጻር ቸልሲ፡ ወላ'ኳ ቸልሲ ኣብ ሕማቕ ኣቃውማ ትሃሉ፡ ደረጃኣን ንምምሕያሽ ግና ንክልቲኣን ጋንታታት ኣገዳሲ ግጥም ኮይኑ ይርከብ።

ኣርሰናል፡ ንዘለውሐ ኣዋርሕ ብመራሕነታ ክትቅልሶ ዝጸንሐት ፕሪመር ሊግ፡ ድሮ ንማን ሲቲ ኣረኪባታ ኣላ። እዛ ጋንታ፡ ብፍላይ ኣብዘ ዝሓለፈት ወርሒ ሚያዝያ ካብ ዘካየደቶ ሓሙሽተ ግጥማት ኣብ ሓንቲ ጥራይ እያ ተዓዊታ። 1 ሚያዝያ ንሊድስ 4-ብ1 ድሕሪ ምስዓራ፡ ብተኸታታሊ ኣንጻር ሊቨርፑል፡ ዌስትሃምን ሳውዝሃምፕተንን ማዕረ ክትፈላለ እንከላ፡ ብማን ሲቲ 4-ብ1 ተሳዒራ። በዚ ድማ መራሕነታ ንዛ ማንቸስተራዊት ክለብ ክተረክብ ተቐሲባ። ኣብዚ ኣንጻር ቸልሲ እተካይዶ ግጥም፡ ናብ ሓዲሽ ዓወት ተመሊሳ ደጊማ መራሕነታ ክትረክብ ድማ ተስፋ ደገፍታ እዩ - ወላ'ኳ ክልተ ግጥማት ልዕሊ ሲቲ ተካይድ።

ምስ ከምራ ሃብታ መጉዲ ዓወት ጠፊኡዋ ፅንይንይ ትብል ዘላ ቸልሲ እውን፡ 11 መጋቢት ኣብ ልዕሊ ሌስስተር ድሕሪ ምዕዋታ፡ ኣብ ኩሉ ውድድራት ንልዕሊ ወርሒ ንዝረኸበታ መጋጥምታ ነጥቢ ኣረኪባ እያ ትግዓዝ ዘላ። ኣንጻር ኤቨርተንን ሊቨርፑልን ጥራይ ማዕረ ዝተፈላለየት እዛ ጋንታ፡ ኣብ ሻምፕዮንስ ሊግ ብማድሪድ ክልተ ግዜ 2-ብ0፡ ኣብ ናይ ሊግ ግጥማት ከኣ፡ ብተኸታታሊ - ብኣስቶን ቪላ፡ ዎልቭስ፡ ብራይተን፡ ብሬንትፎርድ ርእሳ ኣድኒና እያ።

በዚ ድማ፡ ወላ'ኳ፡ እታ ሓንቲ ንዋንጫ እታ ሓንቲ ከኣ ደረጃኣ ንምምሕያሽ ይቃለሳ ይሃልዋ፡ እቲ ዘመሳስለን - ኣብ ዝሓለፈ ወርሒ መኣዝዘን ጠፊኡወን ዝጸንሐ ክለባት ምዃነን እዩ። በዛ ምሸት ኣብለን ከኣ፡ ሓንቲኣን ናብ ጎደና ዓወት ክትምለስ ትጸበ ይግበረለን - ማዕረ እንተዘይ ተፈላልየን።

እዚ ከምዚ'ሉ እንከሎ፡ ኣብ ወርሒ ጥሪ ትጸቢት ብዘይተገብረሉ መሰርሕ ናብ ኣርሰናል ዝተጸምበረ - ጆርጂኖ፡ ኣብዛ ጸወታ እንተተሰሊፉ ኣንጻር ናይ ቀደም ክለቡ ክፋለም እዩ።

## ቅድድም ብሽክለታ ተዛዚሙ

## ሰምበል ሻምፕዮን ኮይና





ቅድድም ብሽክለታ ዘዋሪት ዋንጫ ዞባ ማእከል፡ ብሰንበት ኣብ ጎደና ኣፍዓበት ከበቢ እንዳማርያም ተዛዚሙ።

ተቐዳደምቲ ጅንያር ደቂ ተባዕትዮ 101 ኪሎሜተር ኣብ ዝሸፈኑሉ፡ ሮቤል ዳዊት - ሰምበል ብ2 ሰዓት 32 ደቒቕን 21 ካልኢትን ተዓዊቱ። ናትናኤል ጎይትኦም - ኣስበኮ፡ ኬቨን ተኸለማርያም - ኤሪተል፡ ሚሮን ምስየና - ደንደን፡ ናህም ኤፍሬም - ኤሪተል፡ ሮቤል ግርማይ - ደንደን፡ ሴም እዮብ - ኣስበኮ፡ ኣማኑኤል እዮብ - ደንደን፡ ፍናን ግርማይ ብውልቂ ክሳብ 10ይ ዝዘሎ ደረጃ ሒዞሞ።

ብውህሉል ግዜ ድማ፡ ሚሮን ፍናንን ሮቤል ዳዊትን ክዕወቱ እንከለዉ፡ ደንደን ብጋንታ ደረጃ ተዓዋቲት ናይ'ዚ ውድድር ኮይና።

99 ኪሎሜተር ካብ ዝሸፈና ተቐዳደምቲ ደቂ ኣንስትዮ፡ ኣድያም ዳዊት - ደንደን እያ፡ ብ3 ሰዓት 10 ደቒቕን 30 ካልኢትን ቀዳመይቲ ኣትያ። ቅሳነት ወልደሚካኤል - ሰራየር ሳዋ፡ ብርኽቲ ፍስሃየ ጋላ ነፍሒ፡ ሚዛን ሃብተስላሰ ጋንታ ደቡብ፡ የርዳኖስ ርእሶም - ደንደን፡ ሮዚና ብርሃ - ዓራግ፡ ኤደን ተስፋሚካኤል፡ ፊበን ሃይለን ሸሻን ሃብቶምን - ሰራየር ሳዋ፡ ሳሮን ዳንኤል - ደንደን፡ ክሳብ 10ይ ኣትየን።

ብሓፈሻ በዚ ናይ 3 ሰለስተ መድረኽ ብውህሉል ግዜ፡ ቅሳነት፡ ብርኽቲን ኣድያምን ጸብለል ክብላ እንከለዋ፡ ብጋንታ ድማ፡ ሰራየር ሳዋ ብ24 ሰዓት 21 ደቒቕን 47 ካልኢትን ዕወትቲ ኮይና።

ዓቢ ቀላሕታ ካብ ዝረኸበ ውድድር፡ ናይ ዓበይትን ትሕቲ 23 ዓመትን ተቐዳደምቲ ኮይኑ፡ 138.2 ኪሎሜተር ርሕቀት እዩ ሸፊኑ። ኣብዚ ንተዓዛቢቲ ዘሰሓበን ብሓያል ቅጽበታዊ ውድድር ዝተዛዘመን ውድድር፡ ሚልኪያስ ማእከለ - ኣስበኮ ንወዲ ጋንታኡ ኤቨን ረዳእ ኣኸቲሉ እዩ ተዓዊቱ። የኤል ሃብትኣብን ጴጥሮስ መንግስን - ኤሪተል፡ ሚሮን ተሸመ ብውልቂ፡ ኣኽሊሉ ጉብረሂወት - ሰምባል፡ ኣኽሊሉ ኣተሸም - ደንደን፡ ዓወት ክብሮም - ኣስበኮ፡ ዓወት ኣማንን ናህም መኮንንን - ደንደን ድማ፡ ተመራሪሖም ክሳብ 10ይ ኣትዮም።

በዚ መሰረት፡ ብውህሉል ግዜ ጴጥሮስ ብ9 ሰዓት 23 ደቒቕን 41 ካልኢትን ክዕወት እንከሎ፡ ሚልኪያስን ኣኽሊሉ ጉብረሂወትን ብኽልተ ካልኢት ድሒሮም ካልኣይን ሳልሳይን ብምዃን ውድድሮም ዛዚሞም። ብጋንታ ከኣ፡ ኣስበኮ ብ28 ሰዓት 11 ደቒቕን 09 ካልኢትን ተዓዊቲት ዘዋሪት ዋንጫ 2023 ብምዃን ዓባይ ዋንጫ ምስዕሳ፡ ህዝባዊ ርክባት ኣረዲኡ።

